# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.228 | ቀዳም 24 ግንቦት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3 ካብ ኮማዊ ዳሳት



ገጽ 4 ናጽነት ክብርቲ ናይ ሓደራ ንብረት

ገጽ 5 ሕርሻዊ ጸላት ኣብ 34 ዓመታት ናጽነት

ገጽ 6 ወግዓዊ ጽንብል መበል 34 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ኣብ ጋሽ-ባርካ



ገጽ 7 ግርማ ናጽነት


## መራሕቲ ሃገራት ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም



መራሕቲ ሪፓብሊክ ኢጣልያ፡ ስሎቫኪን ምግንኙ ብምኽንያት መበል 34 ዓመት ጽንብል ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ኢጣልያ ሰርጅዮ ማታሬላ፡ ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ስሎቫኪያ ኣትራ ኩግራ፡ ከምኡ'ውን ሰልጣን ምግን ሃደሰም ቢን ጣርቕ ኣብ መልእኽቶም፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕና፡ ንኤርትራን ህዝብን ድማ ራህዋን ዘላቒ ዕብየትን ተመንዮም።

እቶም መራሕቲ ኣብ መልእኽቶም፡ ክልተኣዊ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ንምምዕባል ከምኡ'ውን ኣብ ዞባዊ ጉዳያት ምስ ኤርትራ ሓቢሮም ንምስራሕ ዘለዎም ድሌት ገሊጾም።

ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ኢጣልያ ሰርጅዮ ማታሬላ ብዝወሰኽ፡ ኣብ ክልተኣውን ዞባውን መዳያት ምስ ኤርትራ ዘሎ ዝምድናታት ንምድንፋዕ ንዘሎ ሓደሽ ዕድላት ብምጥቃስ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላም፡ ርግኣትን ብልጽግናን ንምስፋን ዘሎ ሓባራዊ ድሌት ንምስምጋር ብወሀደት ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጹ።

## ደ/ቀ/ባሕሪ - በዓል ናጽነት ብደረጃ ዞባ ተጸንቢሉ

መበል 34 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ብደረጃ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ "መስመርና ድርዕና" ብዝብል ቴማ ትማሊ 23 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ንግሆ ኣብ ቀጽሪ ወደብ ዓሰብ ብልዑል መዳርግ ተጸንቢሉ።

ኣብ'ቲ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደም፡ ከምኡ'ውን ሰልጣን ራሓይታ ዓብዱልቓድር ዳወድ ኣብ ዝተረኽብሉ ስነስርዓት፡ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ሓይልታት ምክልኻል፡ ሓይሊ ባሕሪ፡ ሓይሊ ኣየርን ሓይሊ ፖሊስን ብዝስቀት ዝተሃንጸ ምዕሩግ ወተሃደራዊ ሰልፊ፣ ምርኢት ብደቂአንስትዮ ዝምራሓ ጀላብ፣ ከምኡ'ውን ንትርጉምን ርዝነትን ናጽነት ዝገልጽ ስሩዓዊ ማስናዶታት ቀሪቡ።

ኣብ ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ዞባ - ሓላፊ ምክትታል መደባት ኮሚቴታት መንእሰይ መሓመድ ዒሳ ኣብ ዘቕረቦ ቃል፡ ህዝቢ ኣብ 30 ምምሕዳራት ከቢብን 115 ዓድታትን ዳሳት ብምትካል፡ ምስ ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ደሙቕ ጽንብላት ከካይድ ምቕናዩ ብምጥቃስ፡ ኣብርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ኣመስጊኑ።

ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ድማ፡ ካዘ ኣብ ዓውደ-ኣዋርሕ ኤርትራውያን ዝኸበረት ዕለት ጋህዲ ንምግባር፡ ዝተኸፍሉ ዕድላትን ሕልምታትን ብኣውራኡ ከኣ ዝተኸፍለ ሂወት ብሉጻት ዜጋታት ረዚን ምኳኑ ብምሕባር፡ እዚ ኣብ ዕለተ ናጽነት ዝርኣ ልዑል ሓጎስን ደስታን ንምርካብ ንዝተሓልፈ መስገደል ካብ ምግንዛብ ዝቅል ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ኣብቲ ዞባ - ህዝቢ ተጠቃሚ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክኸውን ብሓፈሻ፡ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ትምህርቲ፡ ጥዕናን መጉዓዝያን ንምርግጋጽ ድማ ብፍላይ ልዑል ጻዕሪ ከምእተገበረ ብምጥቃስ፡ ተመዝገቡ ዘሎ ገስጋስ ንዝበለጸ መጻኢ ድልዱል መሰረት ዘንጸፈ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ድሕሪ'ቲ ንኣሰታት ክልተ ሰዓታት ዝቐጸለ ጽንብል፡ ክሳብ ዕለተ ምሕራር ከተማ ዓሰብ ማለት 26 ግንቦት ዝቐጽል ብመልክዕ ፈስቲቫል ዝካየድ መደባት ብወግዓዊ ተኸፊቱ።

ብኻልእ ወገን፡ ህዝቢ ምምሕዳራት ከቢ ከተማ ዓሰብ፡ ኮማዊ ዳሳት ብምትካል መበል 34 ዓመት በዓል ናጽነት ብዓቢ ክብሪ ጸንቢሉ።



## ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ባይቶ ዓለማዊ ጥዕና መደረ ኣስሚዑ

ብፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዘርላንድን ቀዋሚ ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጀኔቫን - ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ መበል 78 ባይቶ ዓለማዊ ጥዕና፡ ንመርገጽን ገስጋስን ኤርትራ ኣብ ጽላት ኣገልግሎት ጥዕና ዘብርህ መደረ ኣስሚዑ።

ልኡኽ ኤርትራ ኣብ'ዚ ካብ 19 ክሳብ 27 ግንቦት ዝቃናዕ ዘሎ ባይቶ፡ ኣብ ዝሓለፈ ልዕሊ 30 ዓመታት ናጽነት፡ መንግስቲ ኤርትራ ዝተደገመ ዓይነታዊ ኣገልግሎት ጥዕና ንኹሉም ዜጋታቱ ብማዕረ ንምብጻሕ ሓያል ጻዕሪ ከካይድ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ ሎሚ 70 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክሊ ሓሙሽተ ኪሎሜተር ትካል ጥዕና ኣብ ዝረኽብሉ ደረጃ ተበጺሑ ከምዝሎ ገሊጹ።

"ኣብ ምክልኻል ሕማማትን ፍወሳን ብምትኳር ዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ዝምስገን ወጽኢት ሂቡ'ሎ" ዝበለ ኣቶ ሃብቶም፡ ኣብ ገለ መዳያት ኣገልግሎት ጥዕና ብደሆታት'ኳ እንተሎ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንምብድሆን ፍታሕ ንምምጻእን ካብ ቀዳምነታቱ ገይሩ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣህጉራዊ ኩነታት ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ዝለዓለሉ፡ ኣሉታዊ ጽልዋ ናይ'ቲ ብገለ ሃገራት ዝወሰድ ዘይሕጋዊ ስጉምቲታት ከይዛየደ ክሕለፍ ከምዝይግባእ ብምዝኽኻር፡ እዚ ተግባራት'ዚ ቅሉዕ ጥሕሰት ኣህጉራዊ ሕግን መትከላት ቻርተር ሕቡራት ሃገራትን ስለዝኾኑ፡ ከውገዙን ክስተኻኸሉን ከምኡ'ውን ብቐጽበት ደው ክብሉ ከምዘለዎም ኣስሚሩሉ።




## ሰንዓፈ - ህዝብን ሰራዊትን ብሓባር በዓል ናጽነት ጸንቢሎም

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ክሳድ-እምባ፡ መዝቡ፡ ቤራት፡ ሩብናጹ፡ ጨዕዝሮ፡ እንዳልጉዱ፡ መኸሰይቶ፡ ዝዋፈቱን ሮኾይቶን ምስ ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል ብሓባር ኮይኖም፡ መበል 34 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ብልዑል ማዕርግ ጸንቢሎም።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ ኣመሓደርቲ ናይተን ከባቢታት ኣብ ዘስምዕዎ መደረ፡ ከም ኣካል ክብርታት ሕብረተሰብ ኤርትራ እናተኸስከሰ ዝመጸ ምምዕራግ ሃገራዊ ጽንብላት፡ ናብ ሓያስቲ ወለዶታት ዘመሓላልፍ ረዚን መልእኽቲ ከምዝሎ ብምጥቃስ፡ ነቲ መደብ ንምዕዋት ንዝጻዓሩ ኣካላት ኣመስጊኖም።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሸኽ ብወገኑ፡ ህዝቢ ምስ'ቲ ዋልታ ሃገር ዝኾነ ሓያት ሰራዊቱ ብሓባር ምጽንባሉ ሓበን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ንተራ ሓይልታት ምክልኻል ኣብ'ቲ ከባቢ ኣብ ዝስላሰል ዘሎ መደባት ልምዓት መጉሱ።

እቲ ኣብ ትሸዓተ ምምሕዳራት ከባቢ ዝተኻየደ ጽንብል፡ ኣብ ቃልሲ ንናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ንዝተራእየ ሓያል መኸተ፡ ዝተሓልፈ ጽንኩር ኩነታትን ዝተኸፍለ ዋጋን ከምኡ'ውን ንመደባት ልምዓትን ገስጋሱን ብዝገልጽ ስነጥበባዊ ማስናድኣታት ደሚቑ ነይሩ።

መደባት ጽንብል ናጽነት ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ካብ 16 ክሳብ 24 ግንቦት ይቕጽል ከምዘሎ፡ ወኪል ኤረና ሓቢሩ።

መስመርና ድርዕና!

ዜና

# ደቡብ - መበል 34 ዓመት ጽንብል ናጽነት፡ ብደረጃ ዞባ ተባዒሉ

መበል 34 ዓመት ጽንብል ናጽነት፡ “ማስመርና ድርዓና” ብዝብል ቴማ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ብ22 ግንቦት ብዓቢ ደምቀት ተባዒሉ።

ኣቦ'ቲ ሰብስልጣን መንግስትን ግንባርን ከምኡ'ውን ብርክት ዝበለ ህዝቢ ዝተረኽበሉ ኣብ ስታድዩም መንደፈራ ዝተኻየደ መደብ፡ ንትርጉም ናጽነትን ስለኣ ዝተኸፍለ ዋጋን ዘኽእሞ ሓላፍነትን ዘንጸባርቕ ስነጥበባዊ ስራሓትን ምርኢት ሰርከስን ቀሪቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱ ዓቂቡ ጸገሙ ሳላ ዝተቓለሰን ዝመከተን ናጽነቱ ጨቢጡ፣ ልኡላውነቱ ከማዝውሓሰ ብምግላጽ፡ ንስለ ናጽነት ዝተኸፍለ ዋጋ ብልምዓት ምድባስ፡ ሓላፍነት ዘሎን ዝቕጽልን ወለዶታት ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

“ማስመርና፡ ዘላቒ ማሕበራዊ ፍትሒ ምንጋስዩ” ዝበለ ኣቶ ሃብተኣብ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሃገርና ዝርከብ ህዝቢ ተኻፋሊ ምዕራይ ጸጋታት ዝኾኑ ዕድላት ንምስፋሕ ዝትግበር ዘሎ መደባት፡ ዓጸፋ ከምዝሰርሓሉ ኣረጋጊጹ።

ኣቦመንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ዞባ - ኣቶ ኣብርሃም የማነ ብወገኑ፡ ንድምቀት ናይ'ቲ በዓል፡ ብደረጃ ዞባ ካብ 15 ግንቦት ጀሚሩ ምርኢት ቁልዑ፣ ውድድራት ቅብኣን ስነግጥሚን፣ መዘናግዒ ምርኢት ኣብ ጎደናታት፣ ሓባራዊ ጉያ ናጽነት፣ ከምኡ'ውን መደባት ዋርሳ ዘጠቓልል መሰናድኣታት ክተየድ ምቕናዩ ብምጥቃስ፡ ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ዝቐጸለ ምድላዋት ዝተገበረሉ ወግዓዊ ጽንብል፡ ንናይ ምግባር ዓቕሚ መንእሰያት ዘርኣየ ምኻኑ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ምምዕራግ ናይ'ዚ ክብርቲ ዕለት ንዝተሳተፉ ኣካላት መንግስቲ፡ ህግደፍን ሃገራውያን ማሕበራትን ኣመስጊኑ።

እቲ ጽንብል፡ ካብ ዝተፈላለያ ንኡሳን ዞባታት ዝመጹ ዝተሳተፍዎ ትልሂት ብሄራት፡ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ሃገርና ብዝተዳለወ ጣዕመ ዜማታት፡ ከምኡ'ውን መዘናግዒ ድራማ ደሚቑ ነይሩ።






ስእሊ-ፊልሞን ትካቦ

# ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ ብሉጽ ውጽኢት ንዘመዝገቡ ተመሃሮ ኣተባቢዑ

ኮለጅ ስነፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ ኣብ ቀዳማይ ፍርቂ-ዓመት ማለት ሰሚስተር ዓመተ-ትምህርቲ 2024/25 ብሉጽ ኣካዳሚያዊ ወጽኢት ዘመዝገቡ 43 ማእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 439 ተመሃሮ፡ ብ21 ግንቦት ወረቐት ምስጋና ዓዲሉ።

እቶም ሽ. ዝጠቐሱ ተመሃሮ፡ ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ካብ 3.25 ክሳብ ምሉእ 4 ነጥቢ ዘመዝገቡ'ዮም።

ካብ ጠቕላላ ቁጽሪ ተሸለምቲ እቶም 389 ተመሃሮ ቀዳማይ ዓመት ምዃኖም ዝጠቐሰ ዲን ናይ'ቲ ኮለጅ ፕሮፌሰር ገብራይ ኣስገዶም፡ እዚ ኣሃዚ ምስ'ቲ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/24 ንተመሳሳሊ ሽልማት ዝበቕዑ ተመሃሮ ክነጻጸር ከሎ ናይ 5 ማእታዊት፣ ካብ'ቲ ናይ 2021/22 ድማ ብ10 ማእታዊት ከምዝወሰኸ ኣፍሊጡ።

ካብ ተሸለምቲ እቶም 50 ናይ ካልኣይን ራብዓይን ዓመት ተመሃሮ ምዃኖም ብምሕባር ድማ፡ ተሳታፍነትን ተወዳዳርነትን ደቂኣንስትዮ ዘተባብዕ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ፕሮፈሰር ገብራይ፡ እቲ ናይ ምትብባዕ መደብ፡ ንተሸለምቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካልኦት



ስኣሊ. ኣክሊሉ ዘርእዝጊ.

ተመሃሮ'ውን ኣብርቲዖም ንክሰርሑ ደራኺ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ተመሃሮ ሕልምታቶም ንኽሰምሩ - ብስነምግባር ክምርሑ፣ ርእሱ ተኣማንነት ክህልዎም፣ ምስ ከለንትናዊ ከኻታት ኮለጅ ክሳተፉ፣ ጸገርታቶም ክሓደሉ፣ ከምኡ'ውን ነቓፊታዊ ኣተሓሳስባን ብደሃይታት ናይ ምፍታሕ ባህርን ከማዕብሉ ምሒዶ።

ተመሃሮ ኣብ ዝሰርሕዎ ርእይቶ፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ወጽኢቶም ጸቢብል ክብሉ ዝሓገዞም፡ ብውልቃዊ ጻዕሪ ዝድረዕ ደገፍን ምትብባዕን ወለዶ፡ መምህራንን ማሕበረሰብ ኮለጅን ከምዝኾነ ብምሕባር፡ እቲ መደብ ኣብ ተመሃሮ ዝፈጥሮ ፍናን ኣብ ግምት ኣትዩ ብዝለቐቐት ክሰራሓሉ ተማሕጺኖም።

ሎሚ ዓመት፡ 48 ማእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 2,557 ተመሃሮ ብ6 ዓውድታት ፍልጠት ማለት ስነህይወት፡ ስነቀመም፡ ስነምድሪ፡ ስነቁጽሪ (ሕሳብ)፡ ፊዚክስን ስታቲስቲክስን ብደረጃ ዲግሪ ዝምህር ዘሎ ኮለጅ ስነፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝሟኣዙ 47 ደቂሃገርን 15 ወጻእተኛታትን መምህራን ኣለውዎ።

# ዓንሰባ - ህዝቢ፡ ኮማዊ ዳሳት ብምትካል በዓል ናጽነቱ ይጽንብል

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ህዝቢ ኑታ ርእሲ ከሰን ሃገራውያን በዓላትና ዝኾነት 24 ግንቦት፡ ብደረጃ ምምሕዳራት ከበቢ ኮማዊ ዳሳት ብምትካል ብድምቀት ጸንበልዎ።

መዚ. መሰረት፡ ብ21 ግንቦት፡ ነርቲ ከተማ ከረን በብምምሕዳራት ከጠኦም፡ ካብ ንሓድሕዱ ዝበላለጽ ምዕሩግ ዳሳት ብምትካልን ባህላዊ ምርኢት ብምድላውን ብዓቢ ደምቀት ከምዝጸንበልዎ፡ ኣኪያዲት ስራሕ ከተማ ከረንን ኣወሃሃዲት ኮሚቴ በዓላትን ወ/ሮ ለተማርያም ኣብርሃ ሓቢራ።

“ኮማዊ ዳሱ መግለጺ ስነትናን ሓድነትናን'ዩ” ዝበለት ወ/ሮ ለተማርያም፡ ቆልዑ ተመሃሮ፡ መንእሰያትን ዓበይትን ኩሉ ዋና ኩይኑ ዝተሳተፎ ስለዝኾነ፡ ንጽንብል ናጽነት ዝያዳ ደምቀት ከምዝውሰኸሉ'ውን ገሊጻ።

ናጽነት - መውዳድርቲ ዘይብላ ህያብ ስማእታት ምዃና ዝዛረቡ ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ መዓልቲ ናጽነት ማዕረ-ማዕረ'ቲ ጽንብል፡ ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር ቃልና እንሕድሰላ ዕለት ምዃና ገሊጾም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ካብ 19 ክሳብ 23 ግንቦት ዝቐጸለ፡ ኣብ ሰዓታት ምሸት ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ከተማ ከረን ንህዝቢ ባህላዊ ምርኢት ይቐርብ ኣሎ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊስ 125013 - ቊሳጶ 1284

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ብምኽንያት ቅንያት ናጽነት፡ ኩሉ መደባትና ዝ. ክብር በዓል ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ክህልዎ እዩ።

ስእሊ- ሳልሕ ዓብደልቃድር
ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ ሃለቃ)

# ካብ ኮማዊ ዳሳት



ህዝቢ ኤርትራ፡ ነታ ሕሉብን ንጹፉን ዘኹኑት በዓል ናጽነቱ ንምምዕራግ ድግድጊት ተዓጢቑ እዩ ኣብ ተኣንገዕት ተሸብሸብ ቀንዩ። ምኽንያቱ ልዕሊ ናጽነቱ ዝሰርዖን ዘኽብሮን ዋጊን ስለ ዘይብሉ፡ ኣብ እዋን ሓጎሱን ደስደሱን ዝድረፍ ባህላዊ ደርፍታት እናደረፈ፡ ብሰረትን ፍቕርን ኣድ ንኣድ



ሌ/ኮ መኮንን ገብረመስቀል



ዳኒኤል ገ/ስላሰ(ሻዕቢያ)

ተታሓሒዙ ድማ፡ ኣብ ዳስ ሓደኑት ብሓባር ከኸድድ እዩ ዝረአ ዘሎ። ምስኡ ከኣ፡ "ኣብ'ቲ ሓጉሰይ ሃቡኒ ሻሸይ ክዕመሞ" እናበለ'ዩ ኣብቶን ዘኽደናዮን ዳሳት ብሃገራዊ ቅኒት ክቋጻጸ ጸኒሒና። ኣብ'ዚ ዳሳት ፍቕሪ፡ ከቃልሖም ዝጸንሓና መዛሙር ድማ፡ ኩሎም ንሃገራዊ ስሚዒታትና ዘውክሉን ዘንጸባርቑን እዮም።

ኣብ ኮማዊ ዳሳት ን/ዞባ ጸጸራት ኣብ ዝበጻሕናሉ፡ ህዝቢ ኣብ'ቲ ፈረስ ዘጋልብ ዳሳት፡ ንስለ'ዛ ክብርቲ ኣውደኣመቱ ክዕልልን ዘልልን ጸኒሑና። እቲ ዳሳት ብደግኡን ውሽጡን ብባንዴራ ኤርትራን ንመኽተና ብዘገልጹ ጭርሖታትን ወቒቡ ይረኣ። እቲ ንበዓል ናጽነት ዘዳለውዎ ዝተፈላለየ መደባት ድማ፡ ተር ከም ዓተር ክውሕዝ ይረኣ። ህዝቢ'ውን ነቲ መደባት እናተኸታተለ ብወኻዕታ ሽሻይ እንግዶት ናጽነት ይቋደስ። ናይ ሎሚ ዓመት ጽንበል ናጽነትና "መስመርና ድርዕና" ብዝብል መሪሕ ቴማ እዩ ዝበዓል ዘሎ። 22 ግንቦት 2025 ድማ፡ ሃዋህው በዓል ናጽነትና ንምዕዛብ ፈለማ ናብ ኮማዊ ዳስ ምምሕዳር ከባቢ ፎርቶ ኣብ ዝኸድናሉ፡ ተሳተፍቲ ጦብላሕታዊ ስምዒታቶም ብሕጽር ዝበለ ኣካፊሎምና። ፈለማ፡ ከም ኣቦ መንበር ኮሚቴ በዓል ምምሕዳር ከባቢ ፎርቶ - ን/ዞባ ጸጸራት ሌተናል ኮ/ል መኮንን ገ/መስቀል ካብ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል እዩ። ሃዋህው ናጽነት ከመይ የብዕልዎ ከም ዘለዉ ምስ ተወከስናዮ ድማ፡ "ሃዋህው ናጽነት ብዝተፈለየ መዓርግ ብኣዝዩ ውዕውዕን ሱሓቡን መንፈስ እዩ ዝበዓል ዘሎ። ህዝቢ ብሓደ ህርመትን ሃገራዊ ቅኒትን ንሓደ ብሉጽ ዕላማ እዩ ዙበዕሎ ዘሎ። ህዝቢ ኤርትራ እፎይ ኢሉ ዝ. ንዱስ ናይ ናጽነት ክስተማቕር ዝኸኣለ ከኣ ትም ኢሉ ዝመጽአ ሃገር ኣይኮነን። ክንደይ ልግዐ ንእስነቶም ዘይጸገቡ መንእሰያት ከፊሎ ዘምጽኣ ወርቃዊት ዕለት እያ። ብኸምዚ ዝመጽኣት ናጽነትን ሃገርን ከኣ፡ ቡቲ ዝበረኸ መንፈስ ክኑብዕላ ግቡእና እዩ። ምኽንያቱ ናጽነትና ህያብ ስውኣትና ስለ ዝኾነት" ክብል እዩ ገሊጹልና።

ቀጺልና፡ "ህዝቢ ኤርትራ ብሓደ ቅኒትን ብወህደትን ከምዚ ኢሉ ኣብ ሓደ መጋርያ ወይ ዳስ ኩበዕሎ እንከሎ እንታይ ትርጉም ኣለዎ" ክንብል ዝተወከስናዮን ተጋዳሊት ጽጌረዳ ጼጋስላሴ፡ ራህዋ ገ/መድህንን ሃዋ እስማዒልን እየን። ንሰን " ህዝቢ ኤርትራ ከም'ዚ ኢሉ ብሓደ ዓሰሉ ኩበዕሎ እንከሎ፡ ወጽኢት ናይ'ቲ ትማሊ ዝኸፈሎ ከቢድ መስዋእትን ዋጋን እዩ። እዚ እኽስተማቕሮ ዘለና ብርሃን ከኣ፡ ትም ኢልካ ዝመጽአ ኣይኮነን። ብሓባር ከምዚ ኢልና ንሕብረ ብዜራትና ብዞማእከለ ጸባቑ ክንውዕል እንከለና ከኣ፡ ንምስጢር ሓድነትናን ፍቕርናን ዘጉልሕ እዩ። ኣብ'ዚ ፎርቶ 9 ብዜራት ኢና ብሓደ ተሓቛቚፍና ንዑበርን ንበዕሎን ዘለና። እዚ ከኣ ዓቢ ጸጋ እዩ። ብሓጎስ ከኣ ኣብ'ዚ ዳስ ሓደኑት፡ ብጥምረት ንጸንበሎ ኣለና። በዚ ኣጋጣሚ ከኣ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ የሃና ንብሎ" ኢለን።

ኣብ'ቲ ዕዙዝ ኣጋጣሚ፡ ቃል ዕለተ ናጽነት ንኽሰምዕ ናብ መድረኽ ዝተዓደመ ጋዜጠኛ ገ/መስቀል ገ/እግዚኣብሄር እዩ። ንሱ፡ "ናጽነት ረዚን እያ" ድሕሪ ምባል፡ "መበል 34 ዕለተ ልደት ኤርትራ፡ ብፍሉይ መንፈስን ክብርን እያ ትዝከር ዘላ፡ ከም'ዚ ክንበል እንክለና፡ ምኽንያት ኣለና። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ውሑዳት ዓመታት ተጻብኦቲ ናደዚ ሃገር፡ ብእልቢ ዘይብሎም ሽርሒታትን ጸለመን ፈከርም ዘፍ ዝበሉ ዓመት ብምኻና። ምኽንያቱ ጸላእትና ዝጠፈሸን ዝበርዓን ሕልሚ ኣቦሓጎታቶም ሐዙም፡ ብስም ባሕርን ካልእን ዝበል ናይ ኑዲያን ኣጀንዳ ከም ወዮ ዝቐደሙ ኣቦታቶም ዝጠፈሸላ ዓመት ስለ ዝኾነት። ስለ'ዚ ኢና ከኣ ሎሚ፡ ነዛ በዓል ብዝለዓለ ክብርን ሓበንን ንጽንበላ ዘለና። ነቲ ኣብ ጸዑቕ ልምዓታዊ ንጥፈታት ተጸሚዱ ዝርከብ፡ ትማሊ ሃገር ዘውሓሰ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብሓፈሻ ከኣ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ እንቋዕ ኣብቅዓና የሃና እብሎ" ክብል ገሊጹ።

24 ግንቦት 1991 ህዝቢ ኤርትራ ንኣርዑት መግዛእቲ ሰይሩ፡ ናጽነቱ ዘረጋገጸላ ክብርቲ ዕለት እያ። ደወል መቓልሕ መላእ ሓርነት ኤርትራ ዝተቓጨለላ ዓባይ ደወል። ዕለተ ብስራት ሓጎስ ከምኡ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘፋኑ ክብሪ ዝተቐመጠላ ቅድስቲ መዓልቲን ዕለትን። ሎሚ እቲ ኣቐንዛዊ ወይ ድማ እቲ መሪር መዋእል ሓሊፉ፡ ኣብ ዘተኣማምን መድረኽ በጺሕና ንርከብ፡ እዚ ብሉጽነት እዚ ከኣ፡ ሳላ ተወፋይነትን ጽንዓትን ህዝቢ ዝተረጋገጸ ክብሪ እዩ።

ኣስዒብና፡ ኣብ ን/ዞባ ጸጸራት፡ ነዛ ክብርቲ ዕለት ኣመልኪቶም ስምዒቶምን ርእይቶኦምን ከካፍሉና ዝተራረብናዮም፡ ካብ ምምሕዳር ከባቢ ማይት እንዳ ጀርመን ሰዊት፡ መካ ሰላም ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ የማነ ተኸስተ ከምኡ'ውን ወ/ሮ ኣዝመራ የማነን ኣቶ ተስፋሚካኤል ቀለታን እዮም። "በዓል ናጽነትና እንታይ ሓላፍነት እዩ ዘሰክመና" ንዝብል ሕቶ፡ "በዓል ናጽነትና ንስለ ሳዕስዒትን ፈንጠዝያን ኣይኮነናን ኑበዕላ ዘለና። ሎሚ ኣብዚ ዕለት'ዚ ኤርትራ ምልእቲ ዝተወለደትላ መዓልቲ እያ። ነዛ ብርቂ ዝኾነት ዕለት ኢና ድማ ብኽብሪ ንቕበላ ዘለና። ምኽንያቱ መዘኻኸሪትን መግለጺትን ሓድነትናን ጽንዓትናን ስለዝኾነት። ብዓቢኡ ግን ብደምን ስበዋን ሰማእታት ዝተወሃበትና ቁልዓ መብጽዓ ስለዝኾነት፡ ንዓና ንህዝቢ ኤርትራ ፍሉይ መልእኽትን ትርጉምን እዩ ዘለዋ። ንሶም እንተ ዘይሓልፉ ግን፡ እዚ እንጓእዮ ዘለና ሓርነት ኣይምተገናጸፍናዮን" ክብሉ እዮም ገሊጾምልና። ኣብዘን ኮማዊ ዳሳት ነዛ ዕለት ንምድማቕ ብዓበይትን ህጻናትን ዝተፈላለዩ ግጥምታት፡ መዛሙር፡ ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ ውድድራት ቀሪቡ።

ኣብ መወዳእታ ካብቶም ኣብ'ዚ ምምሕዳር ከባቢ ምስ ህዝቦም ማይን ጸጣን ኩይኖም፡ ብሓጎስ ነዛ ክብርቲ በዓል ኣብ ምጽንባል ዝረኸብናዮም ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ክ/ሰ 84 እዮም። ንዳኒኤል ገ/ስላሰ (ሻዕቢያ)፡ ንስቡሓት ማህደረ ስቡሓት፡ ተስፉ ታደሰ ድማ፡ "ህዝብና ሰራዊትን ከም'ዚ ኢሉ ሓቢሩ ክውዕል እንከሎ፡ እንታይ ትርጉም ኣለዎ" ብምባል ኢና ተወኪስናዮም። ንሶም፡ " ህዝብና ሰራዊትን ኤርትራ ፈላሊኻ ዝረኣዩ ኣይኮኑን። ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ሰራዊት እዩ። ዓይኒ ንስሪ ኩይኑ ድማ ብንቕሓት ጸላእቱን ደቢቱን ዝሕሉ እዩ። ዓይኒን ኩሕልን ወይ ጥማር ማእዶ እዩ ምባል ይቕልል። ብሓደ ጸላእቱ ይከላኸል፡ ብሓደ የልምዕን ይወፍርን ብሓደ ከኣ ሓጎሱ ደጽንበል። በዚ ኣጋጣሚ ከኣ፡ ነቲ መስርዕ ዘይብሉ ጅግና ሓይልታት ምክልኻልናን መንግስትናን የሃና" ክብሉ እዮም ተዛሪቦም።



ኣቶ የማነ ተኸስተ



ወ/ሮ ኣዝመራ የማነ



ኣቶ ገብረመስቀል ገብረእግዚኣብሄር



ወ/ሮ ራህዋ ገብረመድህን

ብሓፈሻ ኮማዊ ዳሳትና ኣብ'ዚ ዕለት፡ ብፍሉይ ተሸላሊሞም "መስመርና ድርዕና፡ ናጽነትና ህያብ ሰውኣትና እያ፡ ንሃገራዊ ክብረት ወትሩ ድሉዋት፡ መኽተና ንርገጽ መጻኢና፡ ኤርትራ ትእምርቲ ጽንዓትን ትብዓትን ... ዝብሉ ቴማታት ተወሪቖም ወዓሎም።





# ሽባብ

ሃማመተኤ

ጉዳያት

# ናጽነት ክብርቲ ናይ ሓደራ ንብረት

ስምኦን ወልደሚካኤል

ታሪኽ ደቂ ሰባት ክምዝዙብ ካብ ዝጀመረ፡ እቲ ዝኸበረ ተባሂሉ ዝዝከርን ዝኸበርን ነገር ቀዋምነት ስኢኑ ድሕሪ ምጽናሑ፡ ሰባት ተኣኪቦም ከም ህዝቢን ሃገርን ክቖሙ ካብ ዝጀመሩ ግን ዕለተ ምስረታ ወይ ናጽነት ናይ ሃገራት ብቐዋምነት ብዓቢ ክብሪ ዝዝከር ዕለት ኮይኑ ኣሎ፡ እዚ ኸኣ ንሓደ ህዝቢ ህላወ ናጻ ሃገር ልዕሊ ኹሉ ዘገድስ ምዃኑ መርኣያ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ተፈጥሮኣዊ ጥርናፈኡ ወጺኡ ብመግዛእትን ንዕኡ ተኸቲሉ ዘልዓሎ ተጋድሎን ተላጊዙ ከም ፖለቲካዊ ማሕበረኮም ተጠርኒፉ ዓበይቲ ቁምነገራት ዝፈጸመ ጽዓተኛን ብልሓተኛን ህዝቢ እዩ፡ ንዘተበገሶ ከይተዓወተሉ ተሪፉ ኣይፈልጥን፡ ንዘዋግኦ ኸኣ ዝዋግኦ ዋጋ ከፊሉ ከይወገና ኣይዓርፍን፡ ብዘሕን ዕብየትን ጸላእቲ፡ ክብደት ብደሆ፡ ዕብየት ናይ ዕላማ ካብ ዝሓሰቦ ኣየታረፎን።

24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ፈጸሚ ናይ 30 መረርቲ ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ ምዃና ዘይፈልጥ የለን፡ እቲ ብረታዊ ቃልሲ ንባዕሉ መቐጸልታ እምበር መጀመርታ ከም ዘይኮነ ብምዝካር፡ ናጽነት ኤርትራ ፍረ ናይ ውሉዶታት ናይ ዘመናት ዕዮን መስዋእትን እዩ። መዓልቲ ናጽነትና ናይ ዓወት መዓልቲ'ኳ እንተ ኾነት ኣብ መገዲ ሓርነት ኳንካ ምእንቲ ሓርነት ክትጋደል መብጽዓ ትኣትወሉ ዕለት እውን እዩ። ሓርነት እናተጋደልካ ብምጽባይ እያ ትርከብ፡ ናይ ምግዳልን ምጽባይን ዓቕሚ ዘለዎ ጥራይ እዩ ሓርነት ዝርኢ። ህዝቢ ኤርትራ ንሓርነት ኣብ መገዲ ሓርነት ደው ኢሉ ብዓቕሊ ከይተሓለለ ብምግዳል ዝረኸባ ጻማ እያ፡ ንሓርነት ጸማእዋን ጠምዩዋን፡ ኑብሱ ከየተዓሻሸወ ሳላ ዝተጋደለ ኸኣ ረወዩዋን ጸጊብዋን።

ብሴፍን ጭማራን ዝፈለመ እምቢታ ንመግዛእቲ ሰለይ እናበለ ናብ ሰውራዊ ባርዕ ምስ ተሰጋገረ ዝተፈጥረ ግንፋል ስምዒት ከንፍሶ ዝኽእል ሓይሊ ኣይተፈጥረን፡ ድልያ ናጽነት ብዓወት ተዛዚሙ፡ ደለይቲ ናጽነት ከኣ ተሊሞም ምዕራፉ ዘብጽሑ ተባሂሎም ተሞንሱ፡ እቶም ኣምጻእትን ተረኪበትን ግን ናጽነት ናይ'ቶም ምእንትኣ ዝወደቑ ሰማእታት እያ ኢሎም ነገሩ፡ ከም ውጻእ መዓት ንናጽነት ከም ገጸብረኸት ዘይኮነስ ከም ሓደራ ሐሆማ ዝመጹ ንብረት ሰውኣት ምዃና መሃሩ፡ እዚ ምህሮ'ዚ ናብ ኣእምሮ ህዝቢ ዘርዩ ኩሉ ብሓደ ቃል፡ "ናጽነት ናይ ሓደራ ንብረት እያ" ኢሉ ብኸንክኑ ይሕዛ ኣሎ።

ናጽነትና ህያብ ሰውኣትና ክንብል እንከለና፡ ናጽነት ሰውኣት ዝሃቡና ናይ ሓደራ ንብረት ምዃና ንምግላጽ እዩ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ እቲ ዝኸበረ ነገር እቲ ብዙሕ ዋጋ ዝተኸፍሎ ንብረት ዘይኮነ፡ ናይ ሓደራ ንብረት እዩ፡ ቅድምን ልዕልን ኩሉ ሕድርን መብጽዓን ምዃኑ፡ ካብቲ "ንወላድካ ኣታትዮ፡ ንወዲ ሕድርኻ ሓንግሮ" ዝብል ምስላ ብዝረ ሳሆ ክንርዳእ ንኽእል፡ ብሓደራ ዝተቐበልካዮ ይዕበ ይንኣስ ልዕሊ እቲ ዝኸበረ ንብረትካ ኢኻ ትሕልዎ፡ "ኣቓምጥ ዝበልዎ ኣየጥፍእ፡ ኣጸብቐ ዝበልዎ ኣየኽፍእ" ኢሉ ዝመሰለ ህዝቢ፡ ንሓደራ ዝሀቦ ዋጋ ንምርድኡ ዘሸግር ኣይኮነን፡ ሕድሪ ምጽናዕ ማለት ዘይምጥላም ማለት ጥራይ ኣይኮነን፡ ንዘተዋህበካ ኣጸቢቕካን ኣጸባቢቕካን ዘይምትሓዝ ንባዕሉ ሕድሪ ዘይምጽናዕ'ዩ ዝጽብጹብ፡ ባህሊ ሕድሪ ምጽናዕ ብኸመይ ከም ዝማዕበለ ንኣጽናዕቲ ባህሊ ሰቡሕ ናይ ምርምር ባይታ ስለ ዝኾነ ክወፍርሉ ይግባእ።

ናጽነት ኤርትራ ንምምጻእ ዝተሸከ ዋጋ ሂወት ማንም ህዝቢ ዝኸፈሎ ኣይነበረን፡ ዋጋ ሓርነት ብዘይብቂ ጫሕ ኣቢሉ ዝኸፈለ ህዝቢ ውሑድ'ዩ፤ ከምኡ ስለ ዝኾነ ኸኣ ብሓርነት ዝኹበር ውሑድ ይኸውን፡ እዛ 34 ዓመታ ደፊና ትጸንበል ዘላ ናጽነት ኤርትራ፡ ከምቲ ንምምጻኣ ንምዕቃባ'ውን ከቢድ ከም ዝኸውን ዝተፈልጠ እዩ ነይሩ፡ ድሕሪ ምዕዋት ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ሃገራት ኑቲ ዝረኸብኦ ናጽነት ከቓጽልኦ ከቢድ ፈተና ክሓልፋ ግድን ምዃኑ ታሪኽ ይነግረና። ኣህጉራዊ ስርዓት ንሓደስቲ ናጻ ዝወጻ ሃገራት "መጺእክለይ'ዶ ክጸበየኪ" ዝብል መንፈስ የብሉን፡ ከምቲ ተጋዲልካ ናጽነት ዘምጻእካ፡ ተጋዲልካ ናጽነትካ ክትዕቅብ እንተ ዘይክኢልካ ከም ነጻላ ክቐንጥጠካ ጸገም የብሉን፡ ኤርትራ ናጽነታን ህላወኣን ንምውሓስ ዝተፈላለየ ስምን ዕላማን ዝነበሮ ኲናት ገጢማ ሳላ ዝሰዓረት፡ ንፈተና በዷሃ መስስ ዝበለት ሃገር ምዃና ኣመስኪራ'ያ።

ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱ ንምሕላው ሰጢሙ ሳላ ዝተደገለ ደረት ናጽነቱን ክብረቱን ኣየድፈረን፡ ከም ባህሉ ኸኣ ነታ ሓደራ ናይ ሰውኣቱ ዝኾነት



ናጽነት ሓሲሙኒ ኢሉ ኣይሓሸሻን፡ ናጽነት ዘምጽኣን ዝዓቀበን ወለዶታት ናጽነት ህያብ ሰውኣት እያ ስለ ዝበሉ ወሲኾምላ እምበር ኣየጉደሉላን፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ዝሓለፈ 34 ዓመታት ንሓለዋ ናይ ናጽነት ዝተገበሮ መኸተ እንተ ዝዘንቶ ይትረፍ ንብዓል ርሑቕ ሰማዒ፡ ንተግባሩ'ውን መገረሙ። ንናጽነት ብዘይ ኣፈላላይ ብሄር፡ ጾታ፡ ሃይማኖት ዝተጋደለን ነታ ዝመጸት ናጽነት ከኣ ናይ ኩሉ ከም ትኾውን ዝገበረ ህዝቢ ኣዝዩ ውሑድ እዩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ እቲ ብዙሕ ዝሕብሮ ረቛሒታት ሃገራዊ ናጽነት ሓደ ካብዮም ዓበይቲ ረቛሒታት እዩ። ከም ህዝቢ ኤርትራ ገይሩ ብደምን ድምጽን ናጽነት ዝበለ ህዝቢ ኣብ ጸለም ኣፍሪቃ የለን፡ ናጽነት ናይ ኩሉ እንተ ኾይና ኩሉ ኣብ ዋላ ወጸዩ እዩ ዝሕልዋ።

ኣብዛ ናይ እንካን ሃባን ዓለም፡ ዋጋ ከይከፈልካ ዝርከብ ነገር ወይ ዝጥረ ንብረት የለን፡ ናጽነት ንህዝቢ ኤርትራ ዝኸበረት ንብረት ስለ ዝኾነት፡ ክበር ዋጋ ክኸፍለላ ኣይተማትኣን፡ ክሳብ ናይ ገድሊ ኣርማ ዝኸውን ተጋዲሉ፡ ገድሊ ንናጽነትን ዳሞማይ መኸተን መሰረት ናጽነትን ልኡላውነትን ኣብ ርእሲ ምዕማቑ፡ ኣብ ሓባራዊ ኩብርታት ህዝቢ ኤርትራ ዝደመሮ ጸጋ ማእለያ የብሉን፡ ኣብ መስርሕ እዚ ነዊሕ ተጋድሎ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ከም ወርቂ ብሓዊ ተፈቲኑ ጽርየቱ ኣመስኪሩ።

ትርጉም ናጽነት ብዚያዳ ዝኽሰተልካ፡ ናጽነት እንተ ዘይትርከብ እንታይ ምኾንና ዝብል ሕቶ ኣልዒልና ክንምልስ ምስ እንፍትትን'ዩ፡ ቅድሚ ኹሉ ነገር ከም ኤርትራውያን ኣይምሃለናን፡ ከም ህዝቢ፡ ከም ሃገር ህላወና ሙብቅዖ'ሞ ብሓደ ኩርናዕ ኮይንና ብናጽነት ናይ ካልኦት ንቐንእ ምሃለና፡ መግዛእቲ ብባህሪኡ መሕቀቒ፡ ደምሳሲ፡ ኣህሳሲ እዩ፡ ንፍጥረትካ ደምሲሱን ፈንጢሑን ብምስሉ ካልእ ገይሩ ክፈጥረካ እዩ ዝደሊ።

ናጽነት ኣብ ምምጻእን ምዕቃብን ዘማዕበልናዮምን ዘስተማቐርናዮምን ኩብርታት ብዙሓት እዮም፡ መግዛእቲ ጸረ ኩብርታት እዩ፡ ብመንኑ፡ ምእንቲ ከይኮርዕ ኩብርታት እናንቐለ ነውርታት እዩ ዝተክል። ናይ ምግባር ሓይሊ ናይ ሓደ ህዝቢ ብመጠን ኩርዓቱ ክልካዕ ይኽእል እዩ። ብመንኑ ዝሽቓረር ህዝቢ ንኑብሱ ብመንጸር ካልኣት እናውዓደረ ግዳይ ተደራራቢ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓልክታት ምዃን እዩ ዕጭኡ፡ ከም ባዕሉ ምዃን ገዲፉ ንመን እንተ መሰልኩ የመልክዓለይ ኣብ ዝብል ነጥቢ ይከራኸር፡ ጉዳዩ ጠንጢኑ ኣብ ዘይጉዳዩ የኹድድ፡ ልክዑ ስለ ዘይፈልጥ ንሓንሳብ ልዕሊ መጠን ይምጠጥ፡ ንሓንሳብ ከኣ ልዕሊ ንቡር ይጭብጦ፡ ውሽጡ ብስክፍታ ስለ ዝሕቆን ርግኣ ኢልካ ምዕያይ ይኹብዶ'ሞ የዕሉብጥ። ንነውሪ ብኽብሪ ከዐሪ ኣብ ክንዲ ዝጽዕር፡ ኣብ ዘይብተኽ ዑደት ንውርምና ይነብር፡ ኣብ ከምዚ ደረጃ ዝወደቐ ህዝቢ ብናይ ሓሶት ታሪኽ ይደዓዓስ፡ ብናይ ሓርቖት ፖለቲካ ኸኣ ተሃሩ የውጽእ።

ህዝቢ ኤርትራ ሳላ'ቶም ኣብ ድልያን ሓለዋን ናጽነት ዘጥረዮም ኩብርታት ብርኽቱ ዝበሉ ጣዕምታት ከስተማቕር ዝጠቐዐ ዕድለኛ ህዝቢ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንብዩኑ ዘስተማቐሮ ዘሎ ሓድነትን ሰቲትን ሓደ ካብዮም ዓበይቲ ፍረታት ተጋድሎኡ እዩ፡ መግዛእቲ ብባህሪኡ በታኒ፡ መቓቓሊ ክኸውን እንከሎ፡ ናይ ናጽነት ገድልን ናጽነትን ከኣ ብኣንጻሩ ኣሕባሪ፡ ኣተሓቛቛፊ፡ ኣኻኻቢ እዩ፡ መማዝገኑቲ ሓድነት ዝኾነት ማዕርነት'ውን ኣብዚ መስርሕ'ዚ እያ ትፍጠር፡ ኤርትራ ዜጋታታ ብማዕርነትን ምሕዝነትን ዝብዕላ ሃገር ንኽትከውን እቲ ዝሓለፈቶ ተመኩሮ ዝለዓለ እጃም ኣለዎ።

ብዙሓት ካብ መግዛእቲ ናጻ ሃገራት ኮይነን ዝተወልዳ ሃገራት ኣብ መገዲ ናጽነት ከመይ ከም ዝገየ ጠፊእዎም ሸግ ናጽነቶም ዘጥፍኡ ውሑዳት ኣይኮኑን። ናጽነት ቅድሚ ዕድል ወይ ጸጋ ምዃና ጾር እያ። ዜጋታት ነዚ ጾር'ዚ ዝጸውር እንግድዓ እንተ ዘይኣጥርዮም ዝቖወም ነገር የለን፡ እቲ ጾር መግዛእቲ ከቢድኒ ኢሉ ዝተላዕለ ህዝቢ ከም ኣኽላባት ኣባይ ምስ ኣባረሩ ኣብ ሓድሕዳዊ ምንኻስ ስለ ዝኣተወ ጾር ናጽነት ንምልዓል ይጽገሙ። ፍረ ናጽነት ክትሓፍስ ገድልን ዓቕልን ዝሓትት ዕዮ ወለዶታት እዩ፡ ፈልሲ ናጽነት ምፍላስ ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። እታ ፈልሲ ጸዲቓ ኣብ ዕምባባን ፍረን ክትበጽሕ ሓለዋ ክቕጽል ይግባእ።

ኤርትራውያን ምእንቲ ናጽነት ብዙሕ ኢልናን ጌርናን ኢና። ዓብደልቃድር ከቢረ ኣብ 1947 ኮይኑ፡ "ናጽነት ናይ ኩሉ ህዝቢ ባህርያዊ መሰል ብምዃና ኣብ እንስሳ'ኳ መንፈሳ ይርከብ፡ ግና ኣብ ሱብ ኣዚያ ዝዓዘዘት ስለ ዝኾነት፣ ንሱ ዘለዎ ጥራቱ እናጥፍኡ፡ ድኻምን ርሃብን እናጸረ ብዘይ ዕረፍቲ ክደልያ ይኽይድ" ኢሉም ነይሮም። ምእንቲ ናጽነት'ሞ እንታይ ዘይሃብና፡ ኣበይ ዘይኣተና፡ እንታይ ዘይጸርና! ኣብ መወዳእታ ናጽን ልኡላዊትን ሃገር ምስ ተኸልና ኸኣ ዓቢ ናይ'ቲ ኩሉ ዝኸፈልናዮ ዋጋ ዝተኸፈልና ኾይኑ ተሰሚዑና። ናጽነት ከቢድ ዝኹበር እቲ ንምምጻኣ ዝተኸፍለን ንቐጻልነታ እትሓትዮን ዋጋ ክቡር ብምዃኑ እዩ፡ እቲ ዓቢ ደራሲ ነፍስሄር በየነ ሃይለ'ውን "ናጽነት ከቢድ ጾር'ዩ፡ ኩብደት ኣለዎ" ክብል ገሊጽዎ'ዩ፡ ናጽነት፡ ኣብ ብፃዛእቲ ኣብ ልዕሌና ተጻዒኑ ዝነበረ ጾር ኣውሪዳ ናታ ጾር ኣሰኪማትና እያ።

ኤርትራውያን ሳላ ተጋድሎና ሓታቲ ወይ ኣዋዲ ዘይብልና ኣመሓደርቲ ገዛእ ርእስና ኳንና ኣሎና። መጻኢ ኤርትራውያን ኣብ ኢድ ኤርትራውያን ከቢሩ ኣሎ፡ መጻኢና ካብ ምሕረት ዕድልን ናይ ካልእ ኢድን ወጺኡ ስኢሊ መጻኢና ብግዛእ ኢድና ክንሓናጥጥ ካብ ንጀምር 34 ዓመታት ኮይኑ፡ ብቐዓት ተደላቢ'ዩ፡ ኢድ ከኣ ክንድ'ቲ ዝተወሳወሱቶ እያ ትጥቁን ትውሕልልን። ኣብ መስርሕ ህንጸት ሃገር ዘሳለጥናዮን ዝፈሸልናዮን ማዕረ ዋጋ ኣለዎ፡ መኸተ እናወደቕካን እናተንሳእካን ክትቅጽል ምኽኣል'ዩ፡ እቲ ዘይወድቕ ዘይኮነስ እቲ ዘይሕለል እዩ ተዓዋቲ። ሕጂ'ውን ዘይምሕላል፡ ደጋጊምካ ሓኾት ምባል እዩ ዘወፈና፡ ግጥም ፈሪሕና ናብ ንናኣሹቱ ድላያትን ትሑት ትምኒታትን ቁሊሕ ኣይንብልን ኢና። ደረት ሰፍሓት ናጽነት፡ ሰላም፡ ርግኣት፡ ምዕባለ ከስፍሕ ሕጂ'ውን መኸተ።

> ናይ ወርሒ ግንቦት መጽሔት መንእሰይ ቁ. 84 ፖለቲካዊ፡ ውዳባዊ፡ ቁጠባዊ፡ ትምህርታዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላውን ኣዘናጋዕን ትሕዝቶታት ሒዛ ተዘርጊሓ'ላ፡ ኣንብብዋ፡ ኣስተማቕርዋ!








ፍረ ጻዕሪ
ሕርሻን መግብን
ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ሕርሻዊ ጽላት ኣብ 34 ዓመታት ናጽነት

ቀዳማይ ክፋል

ሕርሻ ጽላት ሃገርና፡ ካብ ጽባሕ ናጽነት ኣትሒዙ፡ ምስ ህሉው ኩነታት ሃገርን ዓለምን ብተዛማዲ እናገስገሰ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ፍረ ጻዕሪ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 34 ዓመታት ናጽነት፡ ኣብ ጽላት ሕርሻ ዝተራእየ ገስጋስን ተበጺሑ ዘሎ ደረጃን ዳህሲስና፡ ገለ ካብቲ ብዙሕ ዓወታት ናባኹም ከነብሎ ኢና። ሰናይ ንባብ።

### ሕርሻዊ ምርምር

ኣብ ዝሓለፈ 34 ዓመታት፡ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምምር፡ ኣብ ምኽዕባት እቶትን እቶታውነት ዘራእቲ፡ እተጻወቶ ተራ ዓቢ ከም ዝነበረ፡ ሰነዳት



ናይቲ ትካል የረጋግጹ። ብመሰረት ጸብጻባት ናይቲ ትካል ምርምር፡ ኣብ ዕቃብ ጀነቲካዊ ጸጋታት፡ ዛጊት ልዕሊ 6000 ቅምሶታት ዘርኢ (accessions) ናይ ኣስታት 160 ዓይነታት ብቝሊ ዓቂቡ ከም ዘሎ ይፍለጥ። ኣብ መዳይ ምምሕያሽ ዘራእቲ ድማ፡ ካብ 1997 ኣትሒዙ፡ ኣብ ሓልሓለ፡ ጋሕተላይ፡ ሽዕብ፡ ኣቑርደት፡ ሻምብቆ፡ ሓጋዝን ጎልጅን ኣብ ዝርከባ ሸውዓተ ናይ ምርምር ነቑጣታት፡ 45 ዓይነታት ምሩጻት ኣእካል ናይ ስርናይ፡ ስገም፡ መሽላ፡ ብልቱግ፡ ዕፉን፡ ሱፍ ከምኡ'ውን ጥረታት ከም ዘማዕበለ ይፍለጥ። ከም ውጽኢት ናይዚ ድማ እቶት ዘራእቲ ካብቲ ልሙድ ብልዕሊ ዕጽፊ ዘኻዕበቱ ምሩጻት ዘራእቲ ናብ ሓረስቶት ከም እተዘርግሐ ይፍለጥ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ዛጊት 34 ዓይነታት ኣሕምልቲ፡ ከምኡ'ውን 36 ዓይነታት ፍረታት ማዕቢሎም ናብ ሓረስቶት ከም እተዓደሉ ተሓቢሩ። ነዚ ኹሉ ዓይነት ምርምራት፡ ብምሉእ ጥዕና ብቝሊ ንምስናዩ ድማ እተፈላለዩ ምርምራት ጥዕና ብቝሊ ከም ዝካየዱ ከምኡ'ውን ጽሩይን ካብ ሕማም ናጻ ዝኾነን ዘርኢ ናብ ሓረስቶት ንምቕራብ ምሕያል ንጥፈታት ቲሹ-ካልቸር ይካየድ ምህላዉ ተፈሊጡ።

ኣብ መዳይ ምርምር ባህርያዊ ጸጋታት፡ ዛጊት ልዕሊ 15 ሽሕ ናይ ሓመድ፡ ልዕሊ 480 ናይ ማይ፡ ልዕሊ 1700 ናይ ተኽሊ፡ ልዕሊ 160 ድማ ናይ ድኹዒ መርመራታት ኣብ ላቦራቶሪ ናይ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ከም እተሰላሰሉ፡ ጸብጻባት ናይቲ ትካል የረጋግጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መዳይ ምርምር እንስሳ፡ ዛጊት ኣብ ልዕሊ 260 ዓይነታት ቀጠልያ መግቢ እንስሳ ምርምራት ክካየዱ ኸለዉ፡ ካብዚኣቶም እቶም ውጽኢታውያን ዝኾኑ ተባዚሖም ናብ ሓረስቶት ተዓዲሎም። ምሩጻት ዓሌታት ጥሪት ንምርባሕ'ውን ብርክት ዝበሉ ምርምራት ተኻይዶም።

### ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምስራሕ ክዘንቲ ማይን

ኣብ ጽላት ሕርሻ ሓደ ካብቶም ቀዳምነት ናይ ቀዳምነታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ብገዛእ ዓቕሙን ምስ እተፈላለዩ ናይ ልምዓት መሻርኽቱ ብምትሕብባርን፡ ኣብ ዝሓለፉ 34 ናይ ናጽነት ዓመታት ብርክት ዝበላ ክዘንቲ ማያት ተሰሪሐን ይርከባ። ክሳዕ ዕለተ ናጽነት ኣስታት 130 ጥራይ ዝነበራ ዲጋታት፡ ኣብዚ



እዋን ብ ሽዱሽተ ዕጽፊ ብምውሳኽ፡ ናብ ኣስታት 840 በጺሐን ይርከባ። እዘን ካብ ደረጃ ስትራተጅያውያን ዲጋታት ክሳዕ መጠነ-ንኡስ ዲጋታትን ዲጋ ከትርን ዝዝርግሓ ክዘንቲ ማያት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ንሰብን ጥሪትን ዘበርክታኦ ሩፍታ፡ ንልምዓት ኣሕምልቲ ብ ሽዱሽተ ዕጽፊ፡ ንልምዓት ፍረታት ድማ ብ 71 ዕጽፊ ከም ዘዕበያኦ ተፈሊጡ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ዝሓለፉ 34 ዓመታት ልዕሊ 276 ሽሕ ሄክታር ኣብ መሬት ሕርሻ፡ ልዕሊ 129 ሽሕ ሄክታር ድማ ኣብ ማይኩዖታት ሰፋሕቲ መደባት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ተኻይዱ ከም ዘሎ፡ ጸብጻባት ሚኒስትሪ ሕርሻ የነጽሩ።

### ልምዓት ዘራእቲ

ኣብ 1992 ዝሕረስ ዝነበረ ስፍሓት መሬት ኣስታት 327,000 ሄክታር ክኸውን ከሎ፡ ኣብዚ እዋን ናብ ልዕሊ 512,000 ሄክታር ዓብዩ ይርከብ። ብሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ዝማዕበሉን ዝተኣታተዉን ምሩጻት ዘራእቲ፡ ክሳዕ ሕጂ ከባቢ 14 ዝኾኑ ምሩጻት ዘራእቲ ኣእካል ማለት ስርናይ - 6 ዓሌታት፡ ስገም - 3 ዓሌታት፡ ዕፉን - 1 ዓሌት፡ መሽላ - 1 ዓሌት፡ ብልቱግ ድማ 3 ዓሌታት ብኽፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን ናብ ሓረስቶት ተዓዲሎም ኣለዉ። ሳላ'ዞም ምሩጻት ዓሌታት ድማ ምስቲ ኣብ እዋን ናጽነት ዝነበረ ምህርቲ ብምንጽጻር፡ ኣብዚ እዋን ኣብቲ ብዝናብ ዝለምዕ ሕርሻታት፡ ብመንጽር ምህርቲ ኣብ ሓደ ሄክታር፡ ናይ ዕጽፊ እቶት ወሰኽ ኣርእዩ።

### ልምዓት ተምሪ

ኣብ ልምዓት ተምሪ፡ ኣብ 1996 ፍረ ብምዝራእ ብግዱሳት ሓረስቶት ክፈሪ ዝጀመረ፡ ኣብ 1998 ብቲሹ-ካልቸር (ኣካሊት) ብምብዛሕ ክሳዕ 2017 ኣስታት 3000 ተኽሊ ተምሪ ተኣታትዩ። እዚ ተኽሊ ብብዝሒ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብውሑድ ዓቐን ድማ ኣብ ዞባታት ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን ጋሽ ባርካን ይርከብ።



ካብ 2023 ብሃገራዊ ፕሮጀክት ተታሒዙ፡ ብኣካሊት ዝተባዝሐ 55 ሽሕ ተኽሊ ተምሪ ኣብ ዞባታት ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ተተኺሉ ይርከብ። እዞም ዓይነታት ተምሪ ተፈላጥነት ዘለዎም ዓሌታት ተምሪ ከም መጁል፡ በርሒ፡ ከላስ ወዘተ ይርከብዎም። ኣብዚ እዋን፡ ካብ ሓደ ገረብ ተምሪ ካብ 50 - 60 ኪሎ ይርከብ። ምስ ምምሕያሽ ምሕደራን ክንክንን ከኣ ልዕሊ 90 ኪሎ ንምሕፉስ ይስራሕ ኣሎ። እዚ ፕሮጀክት ክሳዕ 2030 ሓደ ሚልዮን ገረብ ተምሪ ንምብጻሕ ብዕቱብ ይስራሕ ኣሎ።



### ቍጽጽር ሳገምቲ ባልዓት

ኤርትራ ኣብ ምቍጽጻር ሳገምቲ ባልዓት፡ ሓንቲ ኻብተን ብኣብነት ዝጥቀሳ ሃገራት እያ። ኣብ ዝሓለፈ 34 ዓመታት ድማ ኣብ ልዕሊ 600 ሽሕ ሄክታር መሬት ዝጋጠመ ለበዳ ኣንበጣ ምድረበዳ ብምትሕብባር ሚ/ሕርሻ፡ ዞባዊ ምምሕዳር፡ ህዝብን ሰራዊትን ከምኡ'ውን ካልኦት ትካላት መንግስቲ፡ ዝጥቀስ ጉድኣት ከየውረደ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ውዒሉ። ኤርትራ፡ ብዘሎዋ ምቹእ ኩነታት፡ ሓንቲ ኻብተን ቅድመ-ግንባር መፉረዪት ኣንበጣ ምድረበዳ እያ። ልዕሊ ፍርቂ ካብ ሓፈሻዊ ስፍሓት መሬታ ማለት፡ ሸውዓተ ሚልዮን ሄክታር፡ ንምርባሕ ኣንበጣ ምድረበዳ ምቹእ ምኳኑ ይፍለጥ። እዚ ኣብ ወቕቲ ክራማት ባሕሪ፡ ኣብ ነዊሕ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ኣስታት 4.7 ሚልዮን ሄክታር፡ ኣብ ክራማት ከበሳ ድማ ኣብ ምዕራባዊ ቀላታት ሃገርና ኣስታት 2.3 ሚልዮን ሄክታር መሬት ይሽፍን።

ለበዳ ባርኖስ ኣፍሪቃ'ውን ኣብ እዋን ክራማት ከበሳ፡ ኣብ ውሱን ዓመታት፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ዝርአ ባልዕ እዩ። ኣብ ዝሓለፉ 34 ዓመታት፡ ኣብ ልዕሊ 30 ሽሕ ሄክታር ዘጋጠመ ለበዳ ባርኖስ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ውዒሉ።

ለበዳ ኣዕዋፍ ኴላ-ኴላ'ውን ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ሃገርና፡ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዘጋጥም ኰይኑ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ልዕሊ 5 ሽሕ ሄክታር ስፍሓት መሬት፡ ዕዉት ናይ ምቍጽጻር ስራሓት ተኻይድሉ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ 2018 ሓድሽ ለበዳ ሳጋሚ ባርኖስ ቀውዒ ኣብ ዘጋጠመሉ እዋን፡ ብዝተወሰደ ህጹጽን ዘየዳግምን ናይ ምክልኻል ስጕምቲ፡ ኤርትራ ኣብ ዞባና ብኣብነት ዝጥቀስ ስራሕ እያ ሰሪሓ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ካብ 2019 ኣትሒዙ፡ ብውሑድ ቁጽሪ ክርአ ዝጀመረ ኣንበጣ ገረብ ሓደገኛ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። በዚ መሰረት፡ ካብ 2023 ክሳዕ ቀዳማይ ርብዒ ዓመተ 2025፡ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካን ገለ ክፋላት ዞባታት ዓንሰባን ደቡብን፡ ብጠቕላላ ኣብ ልዕሊ 45 ሽሕ ሄክታር ተኸሲቱ ምንባሩ፡ እንተኾነ፡ ብልዑል ተሳትፎ ህዝብን መንግስትን ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ውዒሉ።

ይቕጽል...

ህዝባዊ ርክባት ሚኒስትሪ ሕርሻ

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07182662 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሪፖርታዥ

# ወግዓዊ ጽንብል መበል 34 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ኣብ ጋሽ-ባርካ

ቀዳዊ ተወልደ
(ኣ/ዜ/ኤ - ጋሽ ባርካ)

ኣብ ጎቦ ኣዳል ብመሪሕነት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ፈላሚ ደምዒ ተኾሲ ኣቃሊሑ ጉዕዞ ናጽነት ሓደ ኢሉ ዝፈለመ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ድሕሪ ናይ 30 ዓመታት መሪር ብረታዊ ተጋድሎ መኸተምታ ረኺቡ ግዜኣቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ካብ መላእ ኤርትራ ተሓግሒጎም ካብ ዝወጹ እንሆ 34 ዓመት ረጊጹ “ማዕመርና-ድርዕና” ብዝብል ቴማ ኣብ መላእ ሃገርን ወጻእን ብልዑል ማዕርግ ይኽበር ኣሎ።

ኣብቲ ብስራት ዕጥቃዊ ቃልሲ ካብ በርኽቲ ጎቦታቱ ናብ መላእ ኤርትራ ኣጋዊሑ ጉዕዞ ናጽነት 'ሀ' ኢሉ ዝተበገሰሉን ናጽነት ዝወለዶም ልምዓታዊ መደባት ኣብ ሰፊሕቲ ጎላጉሉ ኣተኣናጊዱ መገሰዕ ዝመልስ ዘሎን ዞባ ጋሽ ባርካ ድማ ምድላዋት ናጽነት ካብ መፋርቕ ወርሒ መጋቢት ጀሚሩ'ዩ ኮሚተታት ብምቛም ኒቲ ዕለት ብዝምጥን ኣገባብ ተጀሚሩ፡፡ ጸባቕ ብሂራት ዝተንጸባረቐሉ ብደረጃ ምምሕዳር ከበባታት ዝተወደበ ባህላዊ ውድድር ፈላሚ መሰናድኦ ናይቶም ብደረጃ ዞባ ዝተታሕዙ መደባት ኮይኑ ብዙሓት ዘይተዳህሰሱ ሓደጋ ምጥፋእ ዘንጸላልዎም ያታዊ ትልሂታት፡ መሳርሒ መዚቃን ኣፋዊ ያታታትን ድማ ቀሪቦም፡፡ ሃማመተኤ ዘቃንዩ ቅኑ ውዳበታት መንእሰያትን ልዕሊ 2500 ተማሃሮ፡ ኣሊይትን መምህራንን ዝተሳተፍዎ ባህላውን ስፖርታውን ቅኑ ኣብያተ-ትምህርትን ድማ ካልኦት ቀንያት ናጽነት ኣብ ጋሽ ባርካ ካብ ዘድመቑ ዓበይቲ ፍጻመታት ነይሮም፡፡

ወርሒ ግንቦት እታ ኣርዑት መግዛእቲ ዝተቖንጠጠላ ርእሰ ኩለን ሃገራውያን በዓላትና ዝኾነት ዕለተ ናጽነት ዝሓቖፈት ብምዃና ሓንቲ ካብቶን ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ጹብሉል ኣለን ዝበሃላ ኣዋርሕ እያ፡፡ ክንዲ ዝኾነ ድማ'ዩ ወርሒ ግንቦት ብሓፈሻ 24 ግንቦት ድማ ብፍላይ እንክትኣቱ ዝተፈላለዩ ምቅርራባት ዝግበር፡፡ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ'ውን ብምኽንያት እዛ ረዚን ዋጋ ዝተኸፍላ ክብርቲ ዕለት ኣብ 16 ንኡሳን ዞባታትን 221 ምምሕዳር ከበባታትን ከም ማእከል ዝበገሰ ደሙቕ ጸምብል ንምኽያድ ዝዓለመ ምድላዋት'ዩ ተገይሩ፡፡ ከም ውጽኢት ናይቲ ብልዑል ወህደት ኣካላት መንግስቲ፡ ሰራዊትን ምምሕዳራትን ዝተሳለጠ ምድላዋት ድማ ኣብ ጎደናታት ብሕብራዊ መብራህትታትን ጥንፍራን ክወቅቡ እንከለዉ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ድማ ዝተፈላለዩ ስፖርታዊ ንጥፈታትን ናይ ጽሬት መደባትን ተተግቢሮም፡፡

ውራይ ናጽነት ሕልፊ ካልኦት ውራያት ዝሰረዕ ውራይ ህዝቢ እዩ፡፡ ክንዲ ዝኾነ ድማ'ዩ ኣብ መላእ ዞባ ጋሽ ባርካ ንሓድሕዱ ዘይበላልጽ ትሕዝቶን ጸባቕን ዝሓቖፈ ምድላዋት ክካየድ ቀንዩ፡፡ ብደረጃ ዓድን ምምሕዳር ከበባታትን ዝቖማ ኮማዊ ዳስ ንምድማቕ ሳዕልን ታሕትን ዝበሉ፡ እኽሎማይ ዘዳልዉን ኣብዪቶምን ትካሎቶምን ዘወቕቡን ምዕዛብ ኣብ ወርሒ ግንቦት ጎሊሖም ዝተራእዩ ንጥፈት ናይቲ ዞባ ነይሮም፡፡

ብደረጃ ዞባ ክግበር ዝቖጸ ምድላዋት ምስ ተጻፈፈ ድማ ካብ እዚ ምዕራብ፡ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ሳዋ፡ እዚ ምኽትትታል ሰሜን ምዕራብ ዶባትን ምምሕዳር ዞባን ዝተዋጸኣ 13 ጉጅለታት ባህሊ ካብ 16 ግንቦት ጀሚረን ኣብ 16 ንኡሳን ዞባታት ባህላዊ ምርኢት ከርእያ እንከለዋ፡ ዋንጫ ናጽነት ንምዕታር ዝዓለሙ ዝተፈላለዩ ስፖርታዊ ውድድራት ድማ ተኻይዶም፡፡

21 ግንቦት ብደረጃ ዞባ ጋሽ ባርካ ዝተወደበ ጸምብል መበል 34 ዓመት ናጽነት ዝተኻየደላ ዕለት ኮይና፡ ቀድሚ'ታ ዕለት ሽማግለ በዓላት ዞባ ጋሽ ባርካ ሞያውያን ዘካተተ መድረኽ ሕርያ ሱጥባጣዊ ፍርያት ብምውዳብ ምስ ቴማን እዋናዊ መድረኻዊ ኩነታትን ዝሳዕ ዜማታትን ግጥምታትን ናይ ምምማይ ዕማም ከም ዝተሰለጠ ብምግላጽ ኩሉም እቶም ኣብታ ዕለት ዝቐረቡ ትሕዝቶታትን ንዋጋን ክብርታትን ናጽነት ዘንጸባርቑ እዮም ነይሮም፡፡



ብሃማመተኤ ዞባ ጋሽ ባርካ ተወዲቡ ብኣዚዚ እዚ ምዕራብ ብርጌደር ጀነራል እዮብ ፍስሃየ (ሓሊባይ) ብ15 ግንቦት ኣብ ባረንቱ ንሲቪል ሰራሕተኛታት መንእሰያት ዝተዋህበ ኣብ ዋጋን ትርጉምን ናጽነትን ድሕሪ ናጽነት ዝጥለብ ኩለመዳያዊ መኸተን ዘተኮረ ሰፊሕ ሰሚናር ኣካል ናይቶም ብደረጃ ዞባ ብምኽንያት መበል 34 ዓመት ናጽነት ዝተኻየዱ ንጥፈታት ኮይኑ፡ ኣብቲ ኣጋጣሚ ኤርትራን ህዝባን ኣብ ዓለም ውሑድ መዳርግቲ ጥራይ ዝርከቦ መሪር ዕጥቃዊ ገድሊ ዘካተተ ናይ ቃልሲ መድረኻት ሓሊፎም ብመኸተ ናጽነቶም ዘረጋገጹን ዝተዓቀቡን ብምዃኖም መንእሰያት ክብርታት ናጽነት ኣውሒሶም ኩለመዳያዊ መኸተኦም ክሐይሉን ትርጉም ናጽነት ብዝምጥእ ተገንዚቦም ምሉእ ሓርነት ንምጉንጻፍ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ቀላሲ ተራ ክጻወቱን መተሓሳሰቢ ቀሪቡ፡፡

ኂ ኂ'ቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ንኡሳን ዞባታትን ምምሕዳር ከበባታትን ዝቐረቡ ማሰናድኦታት ብ19 ግንቦት ብህጻናት ቅድመ ትምህርትን ተማሃሮ መጀመርታ ደረጃን መሳጢ ምርኢት ሳዛ ቀልዑ ኣብ ጎደናታት ከተማ ባረንቱ ቀሪቡ፡፡ እቶም ናይ ለሚ ዕንባብ ናይ ጽባሕ ፍረ ዝኾኑ ህጻናት ድማ ብጥዑም ሳዛኦም ቅኒት ናጽነት ቃጸዶም ንቅንያት ናጽነት ደምቀት ወሲኾምሉ፡፡ ንጽባሒቱ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ብደረጃ ዞባ ዝተቓንዐ ፈላሚ ውድድር ኣፍራስ ውሑድ ቁጽሪ ዘተኣናገደ'ኳ እንተነበረ፡ ጋሽ ባርካ ናጽነት ዝወለዶም ዘይተበርከቱ ጸጋታት ኣብ ከርሱ ዝሓቖፈ ሃብታም ዞባ ምኳኑ መልእኽቲ ዘመሓላለፈ ኣገዳሲ ፍጻመ ቅንያት ናጽነት ኮይኑ ተሰሪዑ፡፡

ብኣሳይነት ሽማግለ በዓላት ዞባ ጋሽ-ባርካ ተማእኪሎም ብልዑል ተሳትፎ ኣሃዱታት እዚ ምዕራብን እዚ ምኽትታል ሰሜን ምዕራብ ዶባትን ተደሪዖም ዝተዳለዉ ማሰናድኦታት በብዝተመደበሎም መቓን ግዜን ቦታን ተኣናጊዶም ወግዓዊ ዞባዊ ጸምብል ዝቖደሉ ዕለት ኣኽሉ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸር ህዝቢ፡ ሰራዊት፡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ቦታኦም ምስ ሓዙ ድማ እቲ ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ጸዑቕ ምድላዋት ዝተገበረሉ ወግዓዊ ዞባዊ ጸምብል መበል 34 ዓመት ናጽነት ብዘኽሪ ሰማእታት ተኸፊቱ፡፡ ንዝኽሪ'ቶም ምእንቲ'ታ ክብርቲ ዕለት መተኻእታ ዘይብላ ሂወቶም ዝሀቡ ሰማእታት ናይ ሓደ ደቒቕ ፍጹም ጸጥታ ዝሰፈኖ ዘኽሪ ሕልና ምስ ተገብረ ድማ “ባሕርና” ዘርእስታ መዝሙር ብተማሃሮ መዚቃ ዞባ ጋሽ ባርካ ቀሪባ፡፡ እታ መዝሙር ኑቶም ብሕማም ባሕሪ ተለኺፎም መቓልሕ ጻዕረሞት ዘሰምዑ ዘለዉ ታሪኻውያን ጸላእቲ ናብቲ ብደም ዝተዋሕሰ ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ከቋምቱ ክብሉ ሕማሞም ከይተለፎም እንከሎ ፈውሶም ክናደዩ ልባዊ ምኽሪ እትልግስ ብስሉሙን ድሩር ተደራሲ ብመሓመድ ሳልሕ ሐሴን ዝተዘየመት ሱጥባጣዊ ፍርያት እያ፡፡

ልዕሊ 300 ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል እዚ ምዕራብ ዝተሳተፍዎ ምዕሩግ ምርኢት ወተሃደራዊ ሰልፊ'ውን ባሕሪ ኤርትራ ከም'ቲ ስሙ ቀይሕ ደም ተኸፊልዎ ብሩሕን ትንፋሰን ኤርትራውያን ህያው ዝኾነ ንኤርትራውያን ጥራይ ዝበጽሖ ርስቲ እዩ'ሞ ዝ ሰረት ህላወን ቀጠባዊ ዕቤትን ኤርትራን ህዝባን ዝኾነ ግያዊ ግዝኣት ዝትንክፍ ወይልኡ ዘሰምዕ መልእኽቲ ዘሓዘለ ሓደ ካብቶም ጸምብል ናጽነት ዘድመቑ ትሕዝቶታት ኮይኑ ተሳቲፉ፡ ጸምብል ድማ ብተማሳጦ ተዓዚቦምዎ፡፡

ኣብቲ 11 ደርፍታት፡ 4 ግጥምታትን ምርኢት ክላስተኻስ ተማሃሮን ዝቐረቦሉ ኣጋጣሚ፡ ኣቦ መንበር ሽማግለ በዓላት ዞባ ጋሽ ባርካ ኣቶ ኢድሪስ ሳልሕ ናይ እንቋዕ ኣብቁዓና መልእኽቲ ድሕሪ ምትሕልላፍ ዝቐረቡ ማሰናዶታት ዄብራቕ ናይቲ ኣብ መንጎ መላእ ሕብረተሰብ፡ ኣካላት መንግስትን ሰራዊትን ዝበረ ወህደት ምዃኖም ብምጥቃስ፡ “ማዕመርና ድርዕና” ብዝብል ቴማ ዝጸምበል ዘሎ ማበል 34 ዓመት ናጽነት ንምድማቕ ካብ መፋርቕ ወርሒ መጋቢት ጀሚሩ ክሳብ ምምሕዳር ከበባታት ዝወርድ ምድላዋት ከም'እተገብረን ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ናይ ወርሒ ግንቦት ጀሚሩ ክሳብ 24 ግንቦት ዝቐጽል ዝተፈላለየ ማሰናዶታት ዘካተተ ምዕሩግ ጸምብል ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታትን ምምሕዳር ከበባታትን ይካየድ ምህላዉን ጠቒሱ፡ ኩሎም ዝቐረቡ ማሰናድኦታት ንእዋናዊ መድረኻት ብዝምጥን መልክዕ ከም'እተዳለዉን ህዝቢ፡ ኣካላት መንግስቲ፡ እዚ ምዕራብን እዚ ምኽትታል ሰሜን ምዕራብ ዶባትን ድማ ጸምብል ናጽነት ንምድማቕ ልዑል ኣስተዋጽኦ ከም'ዘበርከቱን ገሊጹ፡፡

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ብወገኑ፡ ማበል 34 ዓመት ናጽነት ኣብቲ ሰላምን ርግኣትን ኤርትራ ሕልፊ ካልእ እዋን ዝተዋሕሰሉ መድረኽ ቡቲ ሓዩ፡ ኣብቲ ኣብ ከበቢናን ዓለምን ህላወን ቀጻልነትን ሃገራት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ጸዑቕ ግዳማዊ ምትእትታው ዝረኣየሉ ዘሎ መዋእል ድማ ቡቲ ካልእ ትጸምበል ምህላዋ ፍሉይነት ከም'ዘለዋ ብምምልካት፡ ብኣጋጣሚ'ዛ ክብርቲ ዕለት ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ መድረኻዊ ለውጥታትን ምዕባለታትን ብልቦና ተገንዚቡ መደባት መኸተን ልምዓትን ንምዕዋት ዜግነታዊ ግዴታኡ ክዋጻእን ኣተሓሳሲቡ፡፡

“ማዕመርና ድርዕና” ርሑስ ቅንያት ናጽነት፡፡



ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ



ኣቶ እድሪስ ሳልሕ






ደቂ-ኣንስትዮ

ሃማደኤ

# ግርማ ናጽነት

ሚርያም ዮሴፍ

ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ ዓመት መጺ ብኩብ ዝበለ ደምቀት ዝበዓል ረዚን ታሪኻዊ ዕለት እዩ። እሆ ደማ ሎሚ፡ መበል 34 ዓመት በዓል ናጽነትና፡ “ማስመርና ድርዕና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብሓበን ንጽንበል ኣለና። በዓል ናጽነት፡ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ብሃንቀውታ ዝጽበዮን ዓመት መጺ ደማ ብዘተፈልየን ዝደመቐን ኣገባብ ኣብ ወሽጥን ወጻኢን ሃገር ዝኽበር እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ምድማቕ እዚ በዓል ዘለወን ተራ ግን ሕልፊ ኣሎ።

ጽንብል ናጽነት ንምድማቕ ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ሃገርና ዝዓይድ መደባት ኣሎ። ነፍሲ ወከፍ ዓዲ ወይ ከተማ ነብርታ ብምውዳብ ኑቲ ጽንብል ንምምዕራግ ትዕጠቕ። ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ኩሉን ምምሕዳራት ዞባ ማእከል ዝሰተፍኦ ደሙቕ ምርኢት ሓደ ካብኡ እዩ። ኣብ ከምዚ ኢጋጥሚ፡ ኣደታት ነፍሲ ወከፍ ምምሕዳር ንኹሉ ብሄራትና ዝውክል ባህላዊ ልብሲን ንሕብረታት ጥንዴራ ሃገርና ዘንጸባርቕ ግሩም ኣልባሳትን ወደየን ብዕልልታን ደቦላን ከሰንደኣ ምዕዛብ ልሙድ ተርእዮ እዩ።

ደቂ ኣንስትዮና፡ ኣብ ዝተፈላለየ ሃይማኖታውን ሃገራውን በዓላት ዘለወን ተራ ኣዝዩ ዕዙዝ እዩ። ብፍላይ ኣብ ጽንብል ሓርነት ኤርትራ፡ ንናጽነት፡ ሕልፊ ካልእ ሰብ ዘስተማቕራ ዝመስሉ እዋን ውሑድ ኣይኮነን። ከም ወጽኢቱ ድማ ግርማ እቲ ጽንብል ኣብ ምዃን ዓቢ ተራ ይጻወታ እየን።

ኣብ ቅንያት ጽንብል ናጽነት፡ ካብ ምጅማር ክሳብ ምዛዛም፡ ጉልበተን፡ ንዋተንን ሓንጎለንን ብምፍሳስ ዓበይቲ መደባት ወዲበን ደሙቕ በዓላት የሕልፋ። ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ጽንብል ናጽነት ዘንጸባርቕኦ ባህርያት ንስለ ረኣዩሉ ስምዒሉ ኣይኮነን። ሓጎሰን ዕልልታአን መሪሕ ኣብርክቶአን ወዘተ. መርኣያ ሓበን ናይቲ ንናጽነት ዘሕለፍኦ ማስገድል እዩ። ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ብዘበረን ግዙፍ ተሳታፍነት፡ ህዝቢ ኤርትራ ሃረር ንዝበሎ ዝበረ ናጽነት ክወን ገይረን እየን። ብዘይካ እተን ኣብ ሜዳ ኤርትራ ብረት ዓጢቐን ዝተዋግኣ ደቂ ኣንስትዮ፡ ተራ ናይ’ተን ኣብ መሳኢ ሃገር ዝበራ’ውን ቀሊል ኣይነበረን።

ኣብ መጀመርያ 1960ታት ንደቂ ኣንስትዮ ከም መመሳእታ ሕብረተሰብ ዝቖጽር ትሑት ግምት ዝሁብ ማሕፍናዊ ኣረኣእያታት ስለ ዝበረ፡ ተሳትፎአን ኣብ ቃልሲ ድሩት ምንባሩ ይፍለጥ እዩ። ብፍላይ ካብ መፋርቕ 1970ታት ንደሓር ግን ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ወሽጥን ወጻእን እናዓዘዘ መጺኡ እዩ። ገለ ምስ ብጾተን ናብ ሰውራ ዝበገሳ፡ ገለ ዘለወን ትሕዝቶ ነጊፈን ንሰውራ ኣበርኪተን፡ ዓጢቐን፡ ኣዕጢቐን፡ ሞራል ኣሲቒን፡ ሸምጊለን፡ ኮታስ ኣደን ዘይተሓወሶ ክፋል ታሪኽና ኣይነበረን።

ኣደታት ኤርትራ ነቲ ኣብ መንጎ ክልተ ውድባት ቃልስና ዝበረ ናይ ስሉሳብ ፍልልይን ንኡ ዝፈጠሮ ግርጭታትን ይኹንናን ይጽድጋን ነይረን እየን። ኣብ’ቶም ካብ መወዳእታ 1974 ድሕሪኡን ኩናት ሓድሕድ ደው ንምባል ብህዝቢ ዝተዓዱ ዝበሩ ኣኼባታት ንጡፍ ተሳታፍነት ነበረን። ካብኡ ሓሊፈን ድማ፡ ብዘበገሶአን ምስ መራሕቲ ክልቲአን ውድባት እናተራኸባ ናይ ምሽምጋል ተራ ተጻዊተን እየን። ንኣብነት፡ ኣደታት ዛግር ምስ መራሕቲ ክልተ ውድባት እናተራኸባ ኩናት ሓድሕድ ደው ንክብል ይዛረባ ነይረን እየን።

ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ወሽጢ ማስመር ጸላኢ’ውን ቀሊል ዘይኮነ ተራ እዩ ነይሩወን። ንጸላኢ ናይ ህዝቢ ደገፍ ንምንፋግን ኣንጻሩ ንምልዕዓልን ህዝቢ የንቅሓ፡ ይውድባን የዕጥቓን ነይረን እየን። ኒ ሰርሓት ኣብ ዝሰላስላሉ ግዜ ብዙሕ ሽግራት ይገጥመን እኳ እንተ ነበረ፡ ምስጢረን ብምዕቃብ ብበልሓት ግቡአን ፈጺመን እየን።

ኣብ ከተማታትን ጸላኢ ሒዝዎ ኣብ ዝበረ ገጠራትን’ውን ከይተረፈ፡ ኣብ ናይ ሰበ ስልጣን ደርግ ኣብያተ ጽሕፈትን ገዛውትን ብምእታው፡ ማእለያ ዘይብሉ ምስጢራዊ ሰርሓት ብትብዓት ዓሚመን እየን። ኣብ ኢድ ጸላኢ ምስ ኣተዋ፡ ምስጢር ካብ ምውጻእን ኑቲ ቃልሲ ካብ ምግዳዕን፡ ነፍሰን ንመሪር መግረፍትን ስቅያትን ኣቃሊበን በጃ ናጽነት ዝኾና ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ውሑዳት ኣይኮናን።

እተን ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርግ ኣብ ገጠራትን ከተማታትን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ጽኣል ህዝባዊ ግንባር ሓራን ራህዋ ዝሰፈናን ኤርትራ ንምምስራት ተደጊፍክንን ተቓሊስክንን ኢሉ ብምውንጃል ኣብ ፍቖዶ ኣብያተ ማእሰርቲ ብዘስካሕክሕ ኣገባብ ተመርሚረን እንተርፎ። “ኣይረኣኹን”፡ “ኣይፈለጥኩን” ካልእ ቃል ዘየድምጻ ደቂ ኣንስትዮ ብቑጽሪ ኣሽሓት እየን። ኣብቲ ብርሃን እኳ ዘይርኣያሉ ጸላም ኮይኑ ተሰኩ ብዘይ ምቁራጽ፡ ንሓድሕደን ኣብ ርእሲ ምትብባዕን ምምሃርን ነተን ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ዝጸንሓ ደቂ ኣንስትዮ የንቅሓን ይምህራን ነይረን እየን። ናይ ሞት ጸዋዕ ተበይኑወን ወይ ከኣ ኑቲ ዘስካሕክሕ መርመራ ምጽዋር ስኢነን ዝተሰውኣ ጀጋኑ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ’ውን ኣካል ታሪኽና እየን። “ቃልሲ ሓፋሽ ኣይቅህምን እዩ”፡ “ዕላማና ኣይቅተልን እዩ”፡ “ዓወት ንሓፋሽ” እናበላ ብምስዋአን፡ ሞራል ናይ’ቶም ቀተልተን ይትንክፉ ነይረን እየን። ይትንክፉ ጥራይ ዘይኮነ ግን፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሓይሊ ክጭፍለቕ ከም ዘይክእል ኣማስኪረን ዝሓለፉ እየን። ብስም እዚ ረዚን ዕለት ድማ ክብሪ ይግብኦን።

ካልእ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ዘለወን ፍሉይ መለለዪ፡ ንኽድዓት ምጺያን እዩ። ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ዕላማ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ብምስራዕ፡ ከዳያም ንዘኣትው ደቀን ወይ ሰብኡተን፡ “ኣደ ኩዓ ወይ ሰይቲ ኩዓ ከይተብሃሊ”፡ “ዝጠቕዓ ስረ ኣይትፍታሕ”፡ ኢለን ናብ ብጾቶም ይጽንብራ ነይረን እየን። ኣብ ሰውራ ኤርትራ’ውን ብኽድዓት ኣይሕመያን።

ነቶም “ጓል ኣንስተይቲ ፈራሕን ተኣፋፊትን እያ” ዝበሉ ኣረኣእያታት ኣብርዒነን ልዕሊ 30% ናይቲ ንምእላይ መግዛእቲ ካብ ኤርትራን ንዲሞክራሲን ዝቃለስ ዝበረ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር የቑማ ነይረን። 27% ናይቲ ተዋጋኢ ሰራዊት ደቂ ኣንስትዮ ምንባረን ድማ ይፍለጥ። ምስ ጸላኢ ፊት ንፊት ኣብ ዝገጥማሉ እዋናት፡ ብመውጋእትን ማስዋእትን ብጾተን ከይተሰናበዓ ንዝተሰውኡ ብጾተን ኑቲ ዝጀመርዎ ዕላማ ኣብ መፈጸምትኡ ንምብጻሕ፡ ብረቶም ኣልዒለን ንቕድሚት ኣምሪሐን እየን። ኣብ ጽንኩር እዋናት፡ በይነን ክምክታሉ ኣብ ዘለወን መድረኻት ከይተረፈ’ውን ከይተሸበራ ብትብዓት ኩናት መሪሐን እየን።

ኣብ 1978፡ ህዝባዊ ሓይልታት ነቲ ብናይ ሕብረት ሶቭየት ምትእትታው ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈጥረ ወተሃደራዊ ጸብለልትነት ንምምካት፡ ካብ ገለ ገለ ዓድታትን ከተማታትን ኣዝለቓ። መብዝሕትአን እተን ኣብዚ ቦታታት እዚ ዝነበራ ደቂ ኣንስትዮ፡ “ቤታ ዘላትና ዓቕሚ ቃልስና ክንቅጽል ኢና” ብምባል፡ ምስ ደቀን ከይተሓለላ ነዊሕ ከሎ ሜተራት ብእግረን ተጓዒዘን ናብ ክፍሊ ታዕሊም ወኺለን እየን። ማስርሕ ምዝላቕ እናሰፍሐ ብዝኸደ፡ ቁጽሪ ናብ ሰውራ ኤርትራ ዝጽንበራ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ኣዝዩ እናበረኸ መጸ። ብዙሓ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ብወገን ጸላኢ ክሶማዕ ጀመረ። ተሰሚዑ ጥራይ ዘይኮነ ግን፡ ካብ ኣፍ ምሩኻት ዝረኸቦ ሓበሬታ ከቢድ ሻቕሎት ክፈጥረሉ ስለ ዝኸኣለ፡ ጸላኢ ንወተሃደራቱ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሻዕብያ ቀራጻትን ጨካናትን ምዃነን ዘብርህን ዘጠንቅቕን ገስጋሳት የካይድ ነይሩ እዩ።

እተን ኣብ ሓራ ዝወጻ ከተማታት ኤርትራ ዝበራ ደቂ ኣንስትዮ፡ ናይ ተቓውሞ ሰላማዊ ሰልፍታት ብምውዳብ፡ ንስርዓት ደርግ ብምቅዋም፡ ፍናን ሰራዊትን ህዝብን ክብ ኣቢለን እየን። ንኣብነት፡ ኣብ መጀመርያ 1980ታት፡ “ብደሆ ንመርዝም ጋዝ” ዝበሉ ጭርሖታት ብምሓዝ ተቓውሞአን ንጸላኢ፡ ደገፈን ድማ ንሰውራ ኤርትራ ብመልክዕ ሰላማዊ ሰልፊ ይገልጻ ነይረን።

ነቲ ኣብ ነፍሰኻ ምኽኣል ዝተመርኮሰ ቁጠባዊ ሜላ ህዝባዊ ግንባር ንምትግባር፡ እተን ኣብ ሓራ ቦታታት ዝበራ ደቂ ኣንስትዮ ብዓዲ መልክዕ፡ ዱኳናት፡ እንዳ ሻሂ፡ ፋርማሲታትን ካልእን ብምኽፋት፡ መኸሰበተን ንሰውራ ኤርትራ ዘወፈያ ውሑዳት ኣይነበራን። ናብ ነፍሲ ወከፍ ግዛ እናኸደ ንመሐከሚ ውጉኣት ተጋደልቲ ዝኸውን መግቢ ይልምና፡ ኣብ ኣኼባታትን ሰሚናራትን ኣብ ትሕቲ “ወርቕናን ስልማትናን፡ ሓርነትናን ናጽነትናን” ዝብል ጭርሖ፡ ነቲ ከም ኑብረ ግምጃን ተወሳኺ መልክዐን ገይረን ዝርእያኦ ዝበራ ወርቀን ካብ ኣእዛነን ኣፍንጫአን ክሳደንን ቀንጢጠን ኣወፍየን እየን።

ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ዓውደ ኩናት ኣብ ዝኣትወሉ እዋናት’ውን ከይተረፈ መሳለጥያታት ዝሀባ ዝበራ ንሳተን እየን። ማይ፡ እንጣጢዕን መግብን ሒዘን ናብ ማእከል ዓውደ ኩናት ጠዪሽን ብምእታው ደቀን፡ ኣሓተን ኣሕዋተንን ዓንጊለን። ንዝተወግኡ ተጋደልቲ ሰውዃት ብዘተሓወሶ ሓልዮትን ሰውራዊ ሓላፍነትን ይኣልያን ይከናኸናን ድማ ነይረን።

ኣብ ስደት ዝበራ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ’ውን ዓቢን ተዘክርን ኣበርክቶ ዝበረን እየን። እተን ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ወጻእተኛታት ገዛውቲ ዝሰርሓ ዝበራ ኤርትራውያን፡ ንኹሉ ኣብ ስደት ዝበረ ኤርትራዊ ዜጋ ኣንጻር መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ ደው ንምባል፡ የንቅሓን ይውድባን ንመሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ድማ ደገፈን ይሀባ ነይረን። ቁጠባዊ ዓቕሚ ውድበን ክብ ንምባል ገንዘብ የዋጽኣ፣ ናይ “ኤርትራ ምሸት” ዝበል መደብ ብምውዳብ መግብን መስተን ይሸጣ፣ ብስም ዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት ድማ ናይ ገንዘብ ወፈያ ብምክያድ ደገፍ ሰውራ ኮይነን እየን። ካብቲ ኩሉ ግዜ ዝጥቀስ ሓደ፡ ኣብ ዓረርብ ተደኩኑ ዝበረ መንዳል ንጽህና ንምስራሕ ዘበልግል ማሽን ምእታው እዩ ነይሩ። እዚ፡ ነቲ ኣብ ሰውራ ዝበረ ሕጽረት ናይ መንዳል ንጽህና ዓቢ ሩፍታ ዝፈጠረ ምንባሩ ይፍለጥ። ብዘይካ እዚ፡ እቲ ምእንቲ ሃገራዊ ሓርነትን መሰልን ዝዓይድ ዝበረ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስ ኣህጉራውያንን ሃገራውያንን ናይ ግብረ ሰናይ ውድባት የሎልያን ፖለቲካውን ሞራላውን ደገፍ ንምርካብ ድማ ተራአን ይጻወታ ነይረን እየን።

እዚ ዝተገልጸ ተራ ዝበረን ኣደታት፡ ሕጂ ኣብ ናጻ ኤርትራ፡ ኣብ ጽንብል ናጽነት ምስ ምዕሩግ ትርኢተን ሽግን ክብላን ግርማ ናጽነት ክኾናን ምርኣይ ንግርማ ጥራይ ኣይኮነን። ኑብራቕ ሓጎስ ናይ’ቲ ዘሕለፍኦ ታሪኽን ዝወፈያኦ ኣበርክቶን ምኻኑ ምርዳእ ዘጸግም ኣይኮነን። ኣብ ታሪኽና፡ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ኢዳ ዘይሓወሰትሉ ዕማም ወይ ቃልሲ የብልናን። ዕልል እናበላ ዘኖፍነውኡ ሰራዊት የለን፡ መሪቐን ዘኖፍነውኡ ተጋዳላይ ወይ ተጋዳሊት የላን፡ ተሰዊአን ሰንኪለን ኮታስ ናጽነት ትኣምን ክሉ ኣበርኪተን እየን። ብቐንዱ ድማ ሚሀዛን ንናጽነት ዝበጽሑ ኣእላፍ ኤርትራዊ ዜጋ ኣፍርየ እዩ። ብስም እዚ ረዚን ዕለት ድማ ሞሳ ንዕኦን።

**ርሑስ በዓል ናጽነት ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ!**







# መሰመርና ድርዕና !



















ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ- ክብሮም ጸሃየ
ኣቤል በረኸት
ሄኖክ ተኽለገርግሽ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ከሳሲ ደኩዋኦምላክ ገብረማርያም ጆንር፡ ተኸሳሲ ተስፋይ ዘርኣዝጊ ተኽልዝጊ፡ ወኪል መርሃዊ ደኩዋኦምላኽ ገብረማርያም፡ ናይ ገንዘብ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ/39 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ለተየሱስ ድራር ተስፋ፡ ወደይ ኣሰፋው ገብረሚካኤል ገብረትንሳኤ ስለዝተሰውአ፡ ወላዲ ይኹን ሓዳር ስለ ዘይብሉ፡ ኣነ ምስ ሓው ዳዊት ገብረሚካኤልን ንሰወእ ኣቡኡ ገብረሚካኤል ገብረትሳኤ ተኪኡ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ።

ከሳሲ ሞገስ ተስፋገርግሽ ዑቕባሚካኤል፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ/ኣቦ ዘምህረት ኣብይ 1. መርሃዊ ተስፋጽዮን ገብረሚካኤል 2. ምሕረት ተስፋጽዮን ገብረሚካኤል 3. ኤደን ተስፋጽዮን ገብረሚካኤል 4. ሚካኣኤል ተስፋጽዮን ገብረሚካኤል፣ ቁ/4 ናይ ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ ስለ ዘሎ፡ ን13/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

ያፊት ጎንጪ መንግስተኣብ፡ ኣቦይ ጎንጪ መንግስተኣብ ኣርኣያ ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 6+ ህልዋት ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

1.ብስም ኣቶ ሙብራሂቱ ተስፋገርግሽ ኣብይ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ምም/ከባቢ ዓዲ ኣብይቶ ዝርከብ 375 ት/ሜ ዝርከብ ገዛ ጉዳይ ኣብ መዕለቢኡ ክሳብ ዝበጽሕ ከይሽየጥ ከይልወጥ ትእዛዝ ንህብ፡ 2. ብስም ኣቶ ሙብራሂቱ ተስፋገርግሽ ኣብይ ቁ/መ1505202 ዝተመዝገበ ባንክ ሕሳብት እንድሕር ኣሎ ኮይኑ፡ ጉዳይ ኣብ መዕለቢኡ ክሳብ ዝበጽሕ ሕሳብት ከይወጻ ተኣጊዱ ክጸንሕ ትእዛዝ ይሀብ። 3. ብስም ኣቶ ሙብራሂቱ ተስፋገርግሽ ኣብይ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ምም/ከባቢ ዓዲ ኣብይቶ ዝርከብ ገዛ ጉዳይ ኣብ መዕለቢኡ ክሳብ ዝበጽሕ ከይሽየጥ ከይልወጥ ትእዛዝ ተዋሂቡ ኣሎ እንተኾነ፡ ኑቶም ኣብኡ ዝርከቡ ተኻረይቲ ዘለውዎ ገዝውቲ ክልቲኦም ተኻረይቲ ወርሓዊ ክራይ ገዛ ኣታዊ ኣብ ሕሳብ ዋና ፈጻሚ ፍርዲ ይጸናሕ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእእ ይቕረብ።

ኣቶ የማነ ነጋሲ ተመስገን፡ ኣደይ ዘውዲ ደሳታ ባርያኡ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወራሰቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቦ ቀሺ ኣሮን ገብረኣብ፡ ወለድና ኣሮን ገብረኣብን ዘውዲ ወልደየሱስን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወራሰቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከርሰ ፋኒኤል፡ ኣደይ ሂማን ዑቕቡ ዓንዱ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወራሰቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ጸገ ገብረእግዚኣብሄር ገብረሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ በየነ ዑቕባይ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ህልዋት ደቅና 1 መዋቲት ተተኪኢት 1ጓል ወራሲቲ ወራሲቲ ምዃንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣሕመድ ዓብደላ ዋህድ ምባል ተሪፉ፡ ፍጹም ዓብደልዋሕድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስመረት ሓደሽ ተስፋእንድርያስ፡ ወለደይ ሓደሽ ተስፋእንድርያስን ኣረጋሽ ተላን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወራሰቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ብፍርዲ/በ/መሳል ኣቶ መሓመድ ሓሰስ ኑሩን ብፍርዲ/ሰ/ዕዳ ኣቶ ሚከኤለ ነጋሽን ወረ/ፍ ወዓ ፍስሃጽን ዘሎ ናይ ፈጻሚ መስርሕ ፋይል ተኸፊቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ብፍ/ሱበ/ዕዳ 1. ሰምሃር ነጋሽ 2. ሚከኤለ ነጋሽ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ሮ ሙብራት ኣቶብርሃን ወልደማርያም፡ ኣደይ ኣዜብ ኣብራሃ ኪዳናይ ኣብ ከተማ ሓጋዝ ብቤት መስተ ቅሳት ዝፍለጥ ትካል ዘለዋ ኮይኑ፡ ወላዲተይ ብሂወት ከላ ኣብ ቅድሚ 3 መሰኻኽር ብለበዋ ስለዝሃበትኒ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት ክፍለማርያም ጆንጆር፡ ተጸዋዒ ኣቶ ዘርእሰናይ ባህልቢ ሰፋፍ፡ ናይ ምምዛት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ማሕሙድ ኢማም ዓብዱ፡ ስም ኣደይ ናዳ ነጋሽ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና ኣደም መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ተኽለይ ገብረኣምላኽ፡ ብዓል ቤተይ ሕድራይ ገብረእየሱስ ኣድሓና ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ከኣ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሜሪ ደብረጼን ኪዳ፡ ኣቦይ ደብረጼን ኪዳነ ዑቕባ ሰላሕ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወራሲት ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ዑስማን ማሕሙድ እድሪስ ምባል ተሪፉ፡ ሓምድ ማሕሙድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ዓብደላ ሰዒድ ባዙሓም፡ ሕጋዊ ወኪል እስማዒል ዓምር (ተተካኢት ሓጇያ ዓብደላ) ተኸሳሲ ኣቶ ዑመር ኢብራሂም መሓመድ፡ ናይ ገዛ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

ከሳሲ ዓብደላ ሰዒድ ባዙሓም፡ ተኸሳሲት ዘይኑብ መሓመድሰዒድ ኣሕመድ፡ ናይ ገዛ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ጸገ ገብረሚካኤል ደብሳይ፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ተወልደ በርሀ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑቕባዝጊ ኣብርሃ፡ ኣደይ ሰላስ ኣስፍሃ ሃይሉ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወራሰቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣርኣያ ተስፋይ ገብሪ ምባል ተሪፉ፡ ኣርኣያ ተስፋይ ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መቓርካ

ብወኪልነት ኣቶ ደሳለ ገብረኣብ ካሕሳይ፡ ት/ዕ ለተንስኤ ደሳለ ገብረኣብ መድሕን ደሳለ ገብረኣብ ምባል ተሪፉ፡ ደሊና ደሳለ ገብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብርሃም ሕድሩ ዓንደማርያም ምባል ተሪፉ፡ ኣብርሃም ሕድሮም ዓንደማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ, ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጸሃየ ፍስሃጼን ማና፡ ወለድና ፍስሃጼን ማና ፈደልን ኣባዲት ሓድጉ ነጋሲን ስለዝዋረፉ፡ ንሕና 8 ደቆም ወራሲት ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ከሳሲ ኣድሓኖም ኣሰፉ ገብረስላሴ፡ ተኸሳሲት ብሪ ኣድሓኖም ባህታ፡ ብዓል ቤትኪ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን17/06/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይ ቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጢ።

ኣቶ ጨፈና ሙብራሂቶም፡ ብሕጋዊ ወኪሉ ኑብያት ጉዕሽ ኣቡሉ፡ ወለደይ ሙብራሂቶም ጣሰው ጉዕሳይን ለምለም ኣድሓኖም ገሹን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን ምስ 2ተተካእቲ ደቆምን ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ወራሰቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ክቡር ብዓል ቤተይ ተስፋልደት ተላ ኢያሱ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ሕማሙ ጀሚርኩም ዝበጽሕኩም፡ ምስ ዓረፈ ሬሳ ኣብ ምልኣኽ ዝተሓበርኩምና ተቐማጦ ለሰኣንጀለስ ከምኡ'ውን ኣብ ገጀረት ዝቃበርኩምና ብኣካል ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከም ዝዋጸና ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ሓረገ ተወልደብርሃን ምስ ምሉኣት ስድራቤት

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እፍቅሮ ወድና መንእሰይ ሳሙኤል ታደሰ በየነ ዝተሰምዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሃገረ ጥልያን ዝቃበርኩም ከምኡ'ውን ኣብ ገዛ ተመላለስኩምን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናንዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ወለዱ ወ/ሮ ሰንበቱ ኣርኣያ ነ/ሄር ታደሰ
በየነ ምስ ኣሕዋቱን ምሉኣት ስድራቤትን።

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ናይ ኣዚ'ና እፍቅሮ ወላድናን ሓውናን ናህም ዘርኡ ደብሳይ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ እዋን ምልባስ ሓመድ-ኣዳም ብኣካል ተረኺብኩም ዝቃበርኩምና፣ ንገዛ ብምምልላስን ካብ ወሽጢን ወጻኢን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብ ፈተውትን ከምኡ'ውን መሳርሕቲ ወድናን ሓውናን ዝኾንኩም ኩሉኹም ኣባላት ኩባንያ ዕደና ቢሻ፡ ስለ'ቲ ዝገበርኩምልና ሓገዝን ምጽንናዕን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ምሉኣት ስድራቤት ኣቶ ዘርኡ ደብሳይ

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ክቡር ኣቦና ኣቶ ዘርኣይ ሃብተማርያም ገብረስላሴ (ወዲ ባሻይ) ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩሞ፡ ድሕሪ ዕረፍቱ ክሳብ ኮርባርያ ብምኻድ ዝቃበርኩምናን ብኣካል ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ደገን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ስድራቤትን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ንግስቲ ዘርኡን ደቁን ምስ ምሉኣት ስድራቤት

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ


ASMARA MINING SHARE COMPANY

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea
sor

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Rigger Supervisor
Number required – (01)
Type of contract – Definite For 2years

Major Duties and responsibilities

• Assist the Maintenance Supt. to recruit, train and mentor a crane Operator and Rigger team that will deliver quality rigging services to the fixed plant. In doing so, ensuring KPI's that facilitate sustained and productive operations are delivered.
• The Supervisor is responsible for planning, coordinating and directing all daily rigging and crane/truck movement activities required to maintain the mechanical and structural integrity of the Plant. This person will report to the Process Plant Maintenance Supt. and assist with various administrative and management functions.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

General responsibilities:
• Ensure compliance with quality, health and safety rules, guidelines, and regulations.
• Planning, prioritizing, assigning, supervising, reviewing, and participating in all tasks related to rigging maintenance.
• Development and implementation of statutory inspection and preventative maintenance programs for all site-based rigging gear and crane/truck mobile equipment
• Recruitment and coordinating training sessions in rigging, crane operation safety procedures, and methods.
• Train Crane Operators, light truck operators and riggers
• Manage, motivate, develop, and provide direct leadership to maintenance staff.
• Ability to interface with other departments, particularly Production Operations.
• Ability to build and motivate a team comprising of expatriates and national employees.
• Understanding computer driven maintenance management programs,
• Able to compile reports, update/compile Job Description etc.
• Develop the Operation Readiness program for the Rigging section
Profile: Qualifications and Experience

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Trade Qualifications as a Rigger or equivalent<br>• Mobile Crane Operator License |
| Working Experience – Nature & Length | • 10 years' experience in large scale open-pit mines in the areas of rigging, lifting and crane operation<br>• 5 years' experience as Maintenance Supervisor<br>• In-depth knowledge of different Fixed Plant Equipment<br>• Operation Readiness Exposure<br>• Good ability in cross-cultural communication skills.<br>• Excellent leadership qualities.<br>• Sound knowledge of preventive maintenance programs<br>• Functional communication in English is mandatory.<br>• Computer literacy including planning systems |
| Technical Skills | •Statutory requirements regarding lifting, rigging and crane operation<br>•Rigging Equipment knowledge, including heavy lifts to 200t<br>•Analytical skills<br>•Writing & Compiling report skills<br>•Plan, organize and execution skills.<br>•Valid crane Operation License |
| Behavioral Skills | • Safety leadership by example<br>• Ability to work in developing countries<br>• Ability to work under pressure with challenging targets<br>• High level of initiative<br>• Demonstrated training and people development skills.<br>• Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures. |

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Site
- Type of contract: Definite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea



ወ/ሮ ኣስማይት ገብረእግዚኣብሄር ንገሰ፡ ዝተፈቐደለን ናይ ምክራይ ቢሎን መሸጢ መጋዘን ኣቕሑን ስሩይ ክዳውንትን ንግዳዊ ትካለን 'ረሆቦት ምክራይ ቢሎን ቡቲክን' (REHBOT BRILDAL WEAR RENTAL & BOUTIQUE) ተባሂሉ ክጸዋዕ ስለዝደለየትሉ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘየሎ ኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከይተረኽበ ተቐጺሉ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ክፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ማርሰልን ደብዳበታትን

## ሳልሳይ ክፋል

## ጽውጽዋይ

ሄንሪ፡ ደው ኣይበለን። ቀጺሉ ናብ 62 ጠወየ፡ ድሕሪኡ 29፡ ቀጺሉ 8።

"ወዲእና፡" ድሕሪ ምባል ናብ ማርሰል ገጹ ጠሚቱ ክምስ በለ እሞ፡ ድሒሩ ነታ ተዓጽያ ዝነበረት ውሕስቲ መቐመጢት ከፈታ። "ዋእ!" ኢሉ ኣፉ ከፊቱ ፈዚዙ ደው በለ።

ማርሰል፡ "ኢሂ፡" ኩብል ሓተቶ።

"ኣብዚ የለን፡" በለ ሄንሪ።

"እቲ ናይ ሸክስፒየር ደብዳበታት ኣብዚ የለን፡" በለ ደጊሙ።

ማርሰል፡ ናብቲ ሄንሪ ዝነበሮ ቀረበ እሞ፡ እቲ ዝደለይዎ ደብዳበ ከምዘየለ ኣረጋገጸ። ኣብ ድሕሪት ናይታ ውሕስቲ መቐመጢት ነኻል ከምዝሎን ትኪ'ውን ከምዘውጽእ ኣስተውዓለ።

ክልቲኦም ድሕሪ ምጥምማቶም ናብታ ውሕስቲ መቐመጢት ኣተዉ።




"ርኢ፡"በለ ማርሰል። ኣብኡ ኸኣ ሓንቲ ገዛ ነበረት። ኣብቲ ገዛ ከኣ ሓንቲ ነዋሕ ቀይሕ ክዳን ተኸዲና ኣብ ሓደ ጣውላ ኮፍ ኢላ ቴለፎን ሒዛ እትዛረብ ጓል ርኣዩ።

ሄንሪ፡ "እዋእ! ...፡" እናበለ ከሎ ማርሰል "ሽሽሽ..." በሎ። ኮፍ ኢሎም ከኣ ነቲ እትዛረቦ ዝነበረት ጾን ኢሎም ክሰምዑ ጀመሩ።

እታ ጓል፡ "እወ ጽቡቕ ኣለኻ ሎሚ ናይ ምሸት ናብ ኒውዮርክ ክኸይድ እየ፡" በለት ኣብ ወረቐት እናጸሓፈት፡ ዘረብኣ ወዲኣ ተሌፎን ኣብ ቦታኣ መለሰታ።

ኣብ ቅድሚኣ፡ ኣብ ዓራት ቦርሳ ነበረ። ኣብ ውሽጡ ማርሰል ደብዳበታት ርኣየ። እታ ጓል ነቲ ቦርሳ ዓጸወቶ። ናብቲ ማዕጾ ገጻ ከኣ ሰጉመት። ማዕጾ ከፊታ ብምውጻእ ዓጽያቶ ከደት።

ሄንሪ፡ ኣብታ ጸላምን ብርቱዕ ሙቐት ዝነበራን ውሕስቲ መቐመጢት ንማርሰል ጠመቶ። "እሞ እንታይ ንግበር?" ከኣ በሎ። "እቲ ደብዳበ ኣብ ኢዳ እዩ ዘሎ። ንፖሊስ ክንሕብር ኣለና፡" በለ።

"ኣይፋል! ግዜ የብልናን፡" በለ ማርሰል። ወሲኹ ከኣ፡ "ትፈልጣ ዲኻ?" ኢሉ ሓተቶ።

ሄንሪ፡ "ኣይፋል፡" በለ።

"እዚ ገዛኽ ናይ መን እዩ?"

"ናይ ክልተ ኣረግቶት ኣንስቲ እዩ። ብመገሻ ከኣ ናብ ስጳኛ ከይደን ኣለዋ፡"

"እዋእ እሞ ማርሰል እንታይ ድኣ ክንገብር ኢና?"

ማርሰል፡ ናብቲ ጸልሚቱ ዝነበረ ገዛ ጠመተ። ናብቲ ገዛ ናይተን ኣንስቲ ከኣ ሰጎመ። ሄንሪ ደድሕሪ ማርሰል ሰዓበ። ኣብቲ ገዛ ናብ ሓደ ጣውላ ደየበ። ኣብቲ ጣውላ ከኣ ብሚ ዝሕብሩ ብርሃንን ንእሽተይ ጻዕዳ ዝሕብራ መዘክር ደብተርን ረኸቡ። ማርሰል ከንብባ ጀመረ።

"እንታይ ትገብር ኣለኻ?" ሓተተ ሄንሪ።

ማርሰል ግን ኣይመለሰን። "ኣሃ፡" በለ ማርሰል። "ትርእዮዶ ኣለኻ?" በሎ ንሄንሪ።

"ጽቡቕ ገይረ'ኻ እንተዘይረኣኹዎ ግን ሰዓት 7፡20 ኣብ ኮንኮርድ ዝብል እርኢ ኣለኹ፡" በሎ ሄንሪ።

ማርሰል፡ ነታ መዘክር ደብተር ኣቐሚጡ ናብ ሰዓቱ ተመልከተ። ሰዓት ሰዓት 6፡00 ኮይኑ ነበረ። ብእግሪ'ቲ ጣውላ እናጐየየ ክወርድ ጀመረ።

ሄ ን ሪ ' ው ን ደድሕሪኡ ሰዓበ። "ናበይ ኢና ንጐዪ ዘለና?" ኩብል ሓተቶ።

"ናብ መዓርፎ ነፈርቲ ሂትሮው፡" ኩብል መለሰ ማርሰል።

ሰዓት 6፡05 ገና ኣብ ጐደና ኦልድ ዊልቶን ነበሩ። ጸልሚቱን ብርቱዕ ቁሪን ከኣ ነበረ። ናብቲ ናይትብሪጅ ዝበሃል ባቡር ደው ዝብላሉ ቦታ ገጾም ዘብዘብ እናበሉ ጐየዩ። ናይ ሪችት ድምጺ ገና ኣየቋረጸን። "ዊው... ሂም... ቦራዕራዕራዕ፡" ከኣ ይብል ነበረ። ማርሰል እናጐየየ ነቶም ዝትኮሱ ዝነበሩ ሪችት ይዕዘቦም ነበረ። ነቲ ኣብ እንዳ እቲ ፕሮፌሰር ከለዉ ዝሰምዕዎ ብርቱዕ ተኹሲ ናይ ሪችት'ውን ዘከሮ።

"እምባእ! ኣዝዩ ዘገርም ናይ ሪችት ተኹሲ ምርኢት እዩ፡" ከኣ በለ።

ኣብ ናይትብሪጅ ኣማኢት ዝኾኑ ሰባት ነበሩ። በዓል ማርሰል ከኣ ብትሕቲ ቦርሳን እግሪ ናይቶም ሰባትን ስልኹልኽ እናበሉ ናብቲ ዝደለይዎ ቦታ ኣምርሑ። ማርሰል ድምጺ ሰምዐ። "ቀልጥፍ ቀልጥፍ! እታ ባቡር ትመጽእ ኣላ፡" በለ።

ከምቲ ዝበሎ ኣብ ቅድሚኣ ናብ ሂትሮው ከምትኸይድ ዝሕብር 'ሂትሮው' ዝብል ጽሑፍ ዘለዋ ባቡር መጸት እሞ ማዕጾታታ ከኣ ተኸፍተ። ክልቲኦም ከኣ ተመራሪሖም ደየቡ።

ይቕጽል...

# ተመሃሮ ኣብ ፍሱህ ሃዋሁው!

ፍቱዋት ተመሃሮ ብዕለት 16ን 17ን ግንቦት 2025 ንተመሃሮ ንምዝንጋዕን ኩብሪ መዓልቲ ናጽነትን ንምንጽብራቕ ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ባህላዊ ምርኢት ተኻይዱ ነይሩ። ንሕና ድማ ኣብቲ ዕለት ተረኺብና ነቲ ዝነበረ ሃዋሁ ዘንጸባርቕ ዕላል ምስ ተመሃሮን ስእልን ኣቕሪብናልኩም ኣለና'ሞ፡ ሰናይት ንባብ! ርሑስ ቅነ መዓልቲ ናጽነት ንኹልኹም ተመሃሮ። መስመርና ድርዕና!

**ምስ ገዛእ ርእስኺ ከተላልይና?**

ስመይ ዮሳን ተስፋኣለም ካሕሳይ እበሃል። ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ኢራፋይለ ራብዓይ ክፍሊ እመሃር።

**ናብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም እንታይ ክትገብሪ መጺእኺ?**

ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ንዝተዳለወ ምርኢት ክዕዘብ መጺአ።

**ናጽነት እንታይ እያ?**

ናጽነት ድኣ ህይወት እያ። እዛ ናጽነት






ብብዙሓት ሰዉኣት ዝመጽአት እያ። ንሕና ድማ ተማሂርና ክንሕልዋ ይግበኣና።

**መደብ ከመይ ኣሎ?**

መደብ ኣዝዩ ጽቡቕ ኣሎ። ደርፍታት እናሰማዕና ንዘናጋዕን ንስዕስዕን ኣለና።

* * * *

**ምስ ገዛእ ርእስኻ ከተላልየና?**

ስመይ ሳልሕ ዓብደልቃድር ኣሕመድ እበሃል። ኣብ ቤት ትምህርቲ ድያእ ራብዓይ ክፍሊ እመሃር።

**ናብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም እንታይ ክትገብር ኢኻ መጺእካ?**

ምስ ደቂ ቤት ትምህርተይ ብምኽንያት 24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነት ክዘናጋዕን ክስዕስዕን መጺአ።

**ናጽነት እንታይ እያ?**

ናጽነት ኩሉ እያ። ካልእ፡ ናጽነት ማለት ድማ ብሰላም ምንባር ማለት እዩ።

**ናጽነት መን ኣምጺእዋ?**




ንናጽነትና ኣቦታትና ተጋደልቲ ተቓሊሶም ኣምጺኦማ። ጀጋኑ ስዉኣትና እዮም ነዛ ናጽነት ሂቦምና።





## ሓበሬታ

ዝኸበርኩም ተመሃሮ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ተርሙማ ብምኽንያት 24 ግንቦት ናይ 'ሩቢክስ ኩብ' ውድድር ከካይድ ምዃንና ሓቢርና ነይርና። ዝመጽእ ቀዳም ውድድር ዝካየደሉ ዕለት፡ ቦታን ሰዓትን ክንሕብር ስለዝኾንና ተኸታተሉ። ዘይተመዝገብኩም ተመሃሮ ናብ 07190414 ብምድዋል ክትምዝገቡ ትኽእሉ።

ኣዳላዊ ዓምዲ

# መስመርና ድርዕና !












ስእሊ- ሳልሕ ዓብደልቓድር
ክብሮም ጸሃየ
ኣብርሃም በየነ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ | 24/05/2025 | ኀደና173-18 ቁ.21 ክባቢ ማይ ጃሕጃሕ ጥቃ ህዝባዊ ቤት ንባብ | 127582 |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ራህዋ | | ኀደና ሃገር ቁ.20፡ ፊት መስጊድ ገዛ ጣንዳ ጥልያን | 119802 |
| ፋርማሲ ኖቫ | | ኀደና ዓይገት ቁ.214 ክባቢ ፖስጣ ዕዳጋ ዓርቢ | 07120574 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565